ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.65 | ቀዳም 14 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 4 — ቦካሺ፡ ቅልጡፍን ኣድማዕን ድሹዒ



ገጽ 5 — ዘይነቡር ተርእዮ ኣብ ናጽላታት



ገጽ 8 — እታ ሕያወይቲ ልኣልቲ



ገጽ 10 — ምስ ዝልቀብ ጸጉሪ፡ ዝልቀብ ጸገማት



ገጽ 11 — ሻምፕዮን ባድሚንተን ዞባ ማእከል 2026



ደ/ቀ/ባሕሪ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ብውህደት ክስራሕ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ንምጋም ንየፈታት ትምህርትን ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8 ክፍልን ኣቑማዊ ዓመት 2025/2026 ኣቐዲሩ።

ብ10ን 11ን ሕዳር ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ሓለፌ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ፍስሃ ኪዳነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ትምህርቲ ብየይነት ንምምሕያሽ ከለንትናዊ ተየሊነን ጸዋትን ምትርናዕ፡ ዓቕሚ መሻርኽትን ህዘበን ምዕዛዙ፡ ተሳታፍትን ቀጻልነትን ተመሊሞ ብቑንዑ ድማ ናይ ደቂኣንስተ፡ ክብ ንምላል ምስራሕ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ወጺኡ ዝርከብ ዕድመኣም ንትምህርቲ ዝኣኽለ ቁልው ነምዝመዛ ምግባር፡ ዝለዓለ ኣተኩሮ ተዋሂቡ ዝነራሓሉ መዲያት ነምዘርኸነ ገለጸ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብል ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ዳኒ መሓመድ ደማ፡ ብዘዕገ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዘሎ ብልጫታት፡ ድኾምንን ብደህታትን መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ ብወገን ተመሊሞ ዝርኢ ሸለልትነት ክወገድ ተሓቢዱ።

ኣብ ደ/ቀ/ባሕሪ ሓለፌ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር መሳ ኢብራሂም ብየይኣ፡ ካብ ጠቕላላ ቀጽሪ ተፈተንቲ 61.5 ሚእታዊት፡ ካብ ተመሊሞ ኣሕደርቲ ኣብዮተ-ትምህርቲ ዓሰቡ ጠያን ኣፋምካን ድማ 58.3 ሚእታዊት ነምዝሓለፉ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ወጽኢት ተመሊሞ ንምምሕያሽ ከሊመዲየሞ ጻዕሪ ክቐደድ፡ ካብ 1ይ ክሳብ 3ይ ክፍሊ ደማ ብቑዕነት መምህራን ነምያድቡ ተሳቢዖም።

ኣብ መዘጊ፡ ኣዘ. እዘ. ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምኒ ተሳታፍትን ቀጻልነትን ተመሊሞ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስተ ድማ ብኣወራኡ ንምዕባዩ፡ ምምሕዳራት ነብጊ፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ኣብዮተ-ትምህርትን ብወነይድነ ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።





ኣብ መደበር ጥዕና ገርሰት፡ መጠን ኣገልግሎት ወሊድ ከምዝበረኸ ተገሊጹ

ኣብ መደበር ጥዕና ገርሰት፡ መጠን ኣገልግሎት ወሊድ ብኣስታት 8 ሚእታዊት ዕበየት ነምዝመዝገቡ ሓለፌ ናይ'ታ መደበር ሄርስ ጴጥሮስ ኣረፋይነ ሓቢሩ።

ጥዕና ኣደን ዕሸልን ንምውሓስ ነፍሱ ጸሪት ኣብ ግዜ ጥዕሲ ካብ 4 ክሳብ 8 ግዜ ናብ ትካል ጥዕና ክመላለሳ ብምምላዕ፡ ብኽብሞያ ዝወሃበን ጥዕናዊ ምኽሪ ኣብ ወሕሰቡት ጥዕናእንን ጥዕና ዕሸላት ደቀንን ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ብኽቑሓት ከተግብርኦ ኣተሓሳሰበ።

ተሓጋጊዝ ሄርስ ኣማኑኤል ተስፋማርያም ብወገኡ፡ ኣገዳስነት ምጥርናፍ ዓድታት፡ ህዘቢ ብዙዕ ሕቡራዊ ኣገልግሎት ንኽረኽብ ዓቢ ድርኺት ስለዘረጥር፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ገርሰት ብዝለዓለ ክድግፉ ኣቐሻሽሩ።

ካብ ጎልጅ 35 ክሎሜተር እትርሕቐ ምምሕዳር ከባቢ ገርሰት፡ ኣብ 11 ዓዲታት ልዕሊ 10 ሽሕ ህዘቢ ይሓብረ።



ርእሰ-ዓንቀጽ

ሰርዓት ብልጽግና፡ ካብ ሓዊ ናብ ረመጽ!

ኢትዮጵያ፡ ብሰንኪ ግቡይ ጉዕዞ ህንጸት ሃገርን ዘይቅርዑይ ምሕደራን ጸቢብ ጉጅለኣዊ መዋቕርን ተኸታተልቲ ሰርዓታት። ኣብ ዓለም ካብ'ተን ቀንዲ ተመጽወትቲ ሃገራት ኩይና ጸኒሓ'ላ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ብመልክዕ ረድኤትን ልምዓታዊ ደገፍን ብዝረኽቡዎ ዝኸፍ ደገፍ፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ኣብ ቅድሚት ትሰራዕ። የግዳኡ ብኣንጻር'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዕቐዳት ዝረኽቡዎ ልዕሊ 110 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ሓገዝ፡ ካብ ድኽነት ክትላቐቕ ኣይከኣለትን ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣርዑት ግዳማዊ ዕዳኣ እናኾበደ'ዩ መጺኡ።

እዘ. ቀልውላው'ዚ ኣብ ዘመነ ሰርዓት 'ብልጽግና' ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ዓሪገ ደርኩቡ፡ ሰፊሕ ኩብኢታት ናይ'ታ ሃገር ብውሽጣዊ ግጭታት ተሓሚሱ፡ ህዝቢ ግዳይ ስእነት ሰላምን ምምዝባልን ኩይኑ'ሎ። ካብ'ዚ ሓሊፉ እቲ ሰርዓት ኣቓልቦ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ውሽጢ ንግዳም ንምቕናዕ ብዘርእዮ ኣሰፋሕፋሕን ገባትን ባህሪያት። ኢትዮጵያ ጠንቂ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ኩይና ትርከቡ።

ሰርዓት ብልጽግና ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ብዘይካ'ቲ ግዙፍ ልምዓታዊ ሓገዝ ብሰም ተመዝቢልቲ፡ ጥሜት፡ ደርቂ፡ ጥዕናዊ ቅልውላው፡ ክሊማዊ ነውጺን ካልእን ንዝውሕዝ ግዳማዊ ሓገዝ ከይተረፈ፡ ካብ ኣፍ ህዝቢ ጨውዱ፡ ንዓንዳሪ ዘቤታውን ዞባውን ፖለሲታቱ ክግልገሉ ምርኣይ ንሰየንጠርኩ ዘጉልሕ'የ። ኢትዮጵያ - ኣብ ትሕቲ'ዚ ሰርዓት ኣብ ከመይ ዝበለ ዘሐዘን ኩነታት ወዲቓ ነምዘላ ዘሸጽር ወግዓዊ ሰነዳት ምርኣይ ድማ ሒጋዚ'የ።

ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት ዝረኽቡዎ ጠቕላላ ግዳማዊ ገንዘባዊ ሓገዝ 30 ቢልዮን ዶላር ይበጽሕ። እዘ. ነቲ ካብ 1990 ክሳብ 2024 ዝረኽቡዎ ወግዓዊ ልምዓታዊ ሓገዝ፡ ናብ ኣስታት 90 ቢልዮን ዶላር ኣደዩብዎ። ብኣንጻር'ዚ፡ ህልው ግዳማዊ ዕዳኣ 35 ቢልዮን ዶላር በጺሑ'ሎ። ካብ'ቲ ኣስታት 130 ሚልዮን ዝኾነውን ህዝባ'ውን እቲ ልዕሊ 90 ሚልዮን - 68 ሚእታዊት ምኻኑ'የ - ኣብ ምሕረ ድኽነት ከምዝኾበር፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2026 ዝወጸ ጸብጻብ ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት የሕብር።

ህልው ቁጠባውን ሱብኣውን ኩነታት ኢትዮጵያን ህዝባን እዘ. ክንሱ፡ ሰርዓት ብልጽግና ውሽጣዊ ህዝባዊ እምቢታ ንምጭፍላቕን ግዘኣት ጎረባብቲ ሃገራት ንምውራርን ኣብ ሸሙተ ኣጽዋር'የ ተጸሚዱ ዘሎ። ካብ ወርሒ ጥሪ 2026፡ ጽዕነት 356 ዓቢይቲ ነፈርቲ ኣጽዋር፡ ካብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ንሪተ። ካብ'ዚኣን እተን 81፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ዝኣተዋ'የን።

ብሰፍሰ-ምትላል ዝኾበር ሰርዓት 'ብልጽግና'፡ ነቲ ንኢትዮጵያ ናብ ሃው ዝበለ ገደል ዝወስዳ ዘሎ ኩነታት ንምሸፋንን ንናይ ርሑቕ ጠማቲ ንምትዕሸሻውን፡ ተዓድዮን ተመርቂሑን ብሰም "ልምዓት ኮሪደር" ዝንብሮ ንዮፈታት ድማ፡ ከም'ቲ ውልዕ-ውልዕ ዝብል ጫማ ዝረግጽ'ሞ፡ ዕንክይክይ እናበለ - ብተምሳጥ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ናብ እግሩ እናጠመተ ግዳይ መውደቕቲ ዝኾውን እግራተኽለ ዝምሰል'የ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሰርዓት ብልጽግና ኣብ ኢትዮጵያ ፈጠርዎ ዘሎ ዘየዕርፍ ዘቤታዊ ዕጥቃዊ ግጭትን ቀልውላዋትን፡ ከምኡ'ውን ኣንጻር ጉረባብቲ ሃገራት - ሱዳን፡ ሶማልያን ኤርትራን ዘርእዮ ዘሎ ዘይምኽኑይ ተቶናኺዩ ባህሪያት፡ ኣላሽ ከምዝበል ዘጠራጥር ኣይኰነን።

ብውህደት ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንከላ'ከል!

ሓበራዊ መግለጺ ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ሕርሻን መሬትን ማይን ኣከባቢን

ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ ታህዋስያን ኣብዚ ግዜ እዚ ዓቢ ዓለምለኻዊ ቅልውላው ኮይኑ ይርከብ። እዚ ኸኣ እቲ ንኣሊታት ሓደ ዘመን ገዲእሐ ምዕባለ ሕክምና ዘናወጽ ሻቕሎት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ገዚኸውን ዘሎ ብዓይንና ዘይርኣዩ ጠንቂ ብዙሓት ሕማምት ከም ቁስሊ፡ ሻደረ፡ ፋንጋነን ጸግዕተኛታትን ኣብዘሐጉን፡ እቲ ንምቅታሉም ዝተዳለወ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ከኣ ወጽኢት ምስ ዘይኮነን እዩ። ነም ሳዕቤኑ፡ ልመዳት ሕማምት - ነም ረኽሲ ሸንቲ፡ ሳንዘኽን ንምሕዋም ኣዲጋሚ፡ ሓድሓደ ግዜ ኸኣ ዘይሕሉ ይኸውን። ካልኦት ህይወት ኣድሕን መጥባሕትታትን መሻርን ንምፍዋስ ዝወሰብ መድሃኒታት'ውን ንምትግባርም ኣሊኣቲ ይኸሉ ብሸንዚ. ድማ ኣብ ሆስፒታል ካብ ንብር ንላዕሊ. ሃዊሕ ግዜ ምድቓሰ ተወሰኽቲ ወጺኢታት ሕክምና፡ ነም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብሓፈሻ ምወሳኽ ሞት የኽትል። እዚ ተርእዮ፡ ብዝመሳሰሊ. መንቢዲ'ውን ንጥዕና እንስሳታትን ኣትክልትን ኣብ ሓደጋ ኣእትዩዎ ይርከብ።

እቲ ቀንዲ ምኽንያ. ናይዚ ሓደጋ፡ ዘይግበኣ ኣጠቓቕማ ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ሰባት፡ እንስሳታትን ኣትክልትን እዩ። ብዝመሳኸሰ፡ ዕሉዝ፡ ዘሕለፈን ዘይንጥቀመሉን መድሃኒታት ብዘይ ግበኣ ስለዝጠሓፉ ኣህጋቢ. ብምብልል ዝርግሐ ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን የጋድድን የቀላጥፍን።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሓደገኛነት ናይዚ ሳዕቤን እዚ ብምግንዛቡ ምስ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ መሬት ማይን ኣብዚ፡ ካልኦት ኣገደስቲ ኣካላትን ብምትሕብባር፡ ብወሳኺ ተጻወሮ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንምምሓት ክሽርሕ ጸሊሑን ኣሎ። ዝመጸእ ዘሎ ሰሙን (16-22 ሕዳር 2026) ድማ፡ ብኢንጣሚ ዓለማዊ ቅነ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ህዝብን ሰብ ሞያ ጥዕናን ዘተኮረ ትምህርታዊ ንቅናቐ ብምክያድ ዘና ሃገርናን ማሕበራዊ መድያን ነምኡ'ውን ሰሚናራት ኣብ ቤት ትምህርትታት፡ ማኣስት ጥዕናን ምምሕዳራትን ክቡደ'ዩ። ቀንዲ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሓደገኛነት ናይዚ ሳዕቤን እዚ ብምግንዛቡ ምስ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ መሬት ማይን ኣብዚ፡ ካልኦት ኣገደስቲ ኣካላት

ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ቑጽሪ ባዶ (0)

ኣብ ስነ ፍልጠት ዘሎዎ ዓቢ ተራን ምስጢርን

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ባዶ ካብ ዘሎ ቑጽርታት እቲ ኣዝዩ ፍሉይን መስተንክራውን ታሪኽ ዘሎዎ ቑጽሪ ምኻኑ፣ ብተፈጥሮኡ፡ ንባዶነት ወይ ገለ ከም ዘየለ ዘመልክት ጥራይ ክመስል ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ፡ ኣብ ክልሰ ሓሳባት ስነ ፍልጠትን ሕሳብን ዝፈጠሮ ዓቢ ሰውራን ፍታሕን መዳርግቲ ኣልቦ ምኻኑን ርኢና። 'ባዶ' ብኽመይ ናብ ስነ ፍልጠት ከም ዝተሓወሰ፣ ብዘይ ቑጽሪ ባዶ፡ እዚ ሎሚ ንጥቀመሉ ዘመናዊ ኣገባብ ሕሳብ፡ ኣብ ኮሉ ዓውድታት፡ ብኣውራኡ ከኣ ኣብ ምህንድስናን ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ኮምፕዩተርን፡ ፈጺሙ ክህሉ ዘኽእል ዘይምኻኑን ርኢና። ባዶ ኣብ ስነ ፍልጠት ዘሎዎ ቦታ ንምርኣይ ንሓደ ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ዓውድታት ንሎሚ ከነቐርብ።



ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ንባይናሪ ቑጽርታት ኣብ ዝዳህሰስናሉ፡ መሰረት 10 ዝኾኑ ቑጽርታት፡ እቶም ንምቑጻር እንጥቀመሎም ቑጽርታት እዮም። ካብዞም ዓሰርተ ቑጽርታት ንባዶ ዝመስል ኣየናይ ኮን ይኸውን፧ ካብ 1 ክሳብ 9 ዝውክሉዎ ቑጽሪ፡ ንምርድኡን ንምቕማጡን ብዘየሸግር፡ ቀለልትን ዘይትንግርታውያን ኩይናም ይስምዑና እዮም። ባዶ ግን ከምኡም ኣቐሊልና እንርእዮ ኣይኮነን። ኣብ ታሪኽ ደቂሰብ ካብ ዝተረኽበ ኣዝዩ ረቂቕን ዓብን ስነ ሓሳባት ሓደ እዩ። ብዘይ ቑጽሪ ባዶ ዘመናዊ ስነ ፍልጠት፡ ሕሳብ፡ ስነ ፈለክን ዲጂታላዊ ተክኖሎጂን ፈጺሙ ክህሉ ኣይምኽኣለን። ባዶ ማለት 'የለን' ወይ 'ባዶነት' ማለት ጥራይ ኣይኮነን። የግዳስ ኣብ ስነ ፍልጠት ዓቢ ትርጉምን ሓይልን ዘሎዎ መሰረታዊ ባእታ እዩ። ኣብ ስነ ፍልጠት ንዘሎ ምስጢር ቑጽሪ ዜሮ ብዕምቁት ንምርዳእ ነዚ ዝስዕብ ቀንዲ ዓውድታት ክንርኢ ኣገዳሲ እዩ፡

1. ኣብ ኮምፕዩተርን ዲጂታላዊ ስነ ፍልጠትን

ኣብ ዘመናዊ ስነ ፍልጠት ኮምፕዩተር፡ ኮሉ እቲ መዓልታዊ እንጥቀመሉ ዘበለ፡ ተለፎን፡ ኢንተርነት፡ ቪድዮታት፡ ጌማትን ኣርቲፊሻላዊ ብልሕን ዝሰርሕ ብኽልተ ቑጽርታት ጥራይ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ 'ባይናሪ ኮድ' ይብሃል። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ተመልከት። ኣብ ኤሌክትሮኒክስ፡ '1' ማለት ናይ ኤለክትሪክ ዋሕዚ ኣሎ ማለት ክኸውን ከሎ፡ '0' ማለት ድማ ዋሕዚ የለን ማለት እዩ። ሓንጎል ኮምፕዩተር ነዚ ቢልዮናት ባዶታትን ሓደታትን ብልዑል ፍጥነት ብምውሃድ ንዝተሓላለኸ ናይ ሶፍትዌር ፕሮግራማት ይሰርሕ።

2. ኣብ ፊዚክስ - ፍጹም ባዶ መጠን ረስኒ

ኣብ ስነ-ፍልጠት ተፈጥሮ ስነ-ፍልጠት (ፊዚክስ)፡ ቑጽሪ ባዶ ንወሳኒ ናይ መዐቀኒ ነጥብታት የገልግል። ካብዚ፡ እቲ ዝዓበየ 'ፍጹም ባዶ መጠን ረስኒ' ይብሃል። እዚ ነጥቢ'ዚ፡ ኣብ መላእ ኣድማስ ክህሉ ዘኽእል ዝታሓተ መጠን ረስኒ እዩ፣ - 273.15 ደረጃ ሰልስየስ። ኣብዚ ዜሮ ነጥቢ'ዚ፡ ኮሉ ኣቶማትን ሜለኩላትን ናይ ሓደ ነገር ምንቅስቓስ ደው የብሉ። ናይ ምቹት ጸዓት ድማ ፍጹም ባዶ ይኸውን። እዚ ነጥቢ'ዚ፡ ስነ ፍልጠተኛታት ንባህሪ ጥረ ነገራት ኣብ ዝለዓለ ናይ ዛሕሊ ነጥቢ ንኽምርምሩ ዝሕግዝ ዓቢ መለክዒ እዩ።

3. ኣብ ስነ ፈለክን ፊዚክስን - እቲ ዜሮ ነጥቢ

ኣብ ስነ ፈለክ፡ ብዛዕባ 'ጸሊም ጉዳጉዲ' ክዝረብ ከሎ ቑጽሪ ባዶ ወሳኒ እዩ። 'ጸሊም ጉድጓድ' ጸርጊ ብርሃን ኩነ ዝኾነ ግዛዕ ከምልጠሉ ዘይክኣል ኣብ ህዋ ወይ ጋላክሲ ዝርከብ ኣካል እዩ። ኣብ ማእከል ሓደ ጸሊም ጉድጓድ ፡ 'ሲንጉላሪቲ' ዝብሃል ነጥቢ ኣሎ። ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ እቲ መጠን ስፍሓት (ቅጸ) ናብ ዜሮ ይወርድ፣ ሓይሊ ስሕበትን ጻዕቅን ግን መወዳእታ ዘይብሉ (ኢንፊኒቲ) ይኸውን። እዚ ዜሮ ስፍሓት ዘሎዎ ነጥቢ፡ ንኾሉ ሕግታት ፊዚክስ ስለ ዝቕይሮ፡ ንስነ ፍልጠተኛታት ክሳዕ ሎሚ ዓቢ ምስጢር ኩይኑ ይርከብ። ቅድሚ 'እቲ ዓቢ ነትጉ' ቢግ ባንግ (ቢግ ባንግ) ምጅማሩ እውን ኣብዚ ዜሮ ነጥቢ'ዚ ከም ዝነበረ ይእመን።

4. ኣብ ሕሳብን ኳልኩለስን

ኣብ ስነ ሕሳብ፡ ባዶ ክልተ ዓቢ ረብሓታት ኣሎዎ፡

~ ቦታ ሒዙ ይሰርሕ፣ ንኣብነት ኣብ መንጎ 1ን 100ን ዘሎ ፍልልይ ከም ዝርኢ ዝገብር ባዶ እዩ። ባዶ ባዕሉ ዋጋ ኣይህሉዎ፡ ምስ ካልኣ ቑጽርታት ክሰራዕ ከሎ ግን ዋጋ'ቲ ቑጽርታት ብዓሰርተ ዕጽፊ የዕብዮ። ንኣብነት፡ ን'1' ኣብ ጉድኑ '0' እንተ ሰራዕካሉ፡ '10' ይኸውን፣ '1' ከኣ ብዓሰርተ ዕጽፊ ዓብዩ ኣሎ። '61' ኣብ ጉድኑ '0' እንተ ሰራዕካሉ፡ '610' ይኸውን፣ '61' ከኣ ብዓሰርተ ዕጽፊ ዓብዩ ኣሎ፣ '10' ኣብ ጉድኑ '0' እንተ ሰራዕካሉ፡ '100' ይኸውን፣ '10' ከኣ ብዓሰርተ ዕጽፊ ዓብዩ ኣሎ፣ ወዘተ።

~ ብባዶ ምምቃል፣ ዝኾነ ቑጽሪ ብባዶ ክምቀል ከሎ፡ መልሱ 'ዘይተፈልጠ' (ኣንዲፋይነድ) እዩ ዝኸውን። እዚ ሓሳብ'ዚ ድማ ነቲ ንደቂቕ ለውጥታት ዘጽንዕን ኣብ ምህንድስና ዓቢ ቑምነገር ዘሎዎ 'ኳልኩለስ' ዝብሃል ናይ ሕሳብ ክፍሊ፡ መሰረት ዝነጸፈ እዩ። ንዜሮ ናብ ዜሮ ብምጽጋዕ ('ሊሚትስ') እዩ ኮሉ ናይ ህንጻታትን መካይንን ሳይንሳዊ ዲዛይን ዝስራሕ።

5. ኣብ ኬሚስትሪ - ሚዛናዊ ሓይሊ (ነት ዜሮ ቻርጅ)

ኣብ ስነ ፍልጠት ቀመማ፡ ሓደ ኣቶም ብሰላም ክነብር እንተ ኩይኑ፡ እቲ ውሽጣዊ ሓይሉ ባዶ (ነት ዜሮ ቻርጅ) ክኸውን ኣሎዎ። ኣቶም ንእወታዊ ፕሮቶን ንኣሉታዊ ኤለክትሮን ሒዙ ይርከብ። ክልተኡ ማዕረ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ሓይሊ ባዶ ይኸውን'ሞ፡ እቲ ኣቶም ርጉእ ይኸውን። እዚ ዜሮ ሚዛን እዚ'የ ንኾሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ጥረ ነገራት ቅርጺ ሂቡዎ ዘሎ። እቲ ሓይሊ ዜሮ ካብ ምኻን እንተ ወጺኡ፡ እቲ ኣቶም ናብ ረጽሚ ይኣቱ።

6. ኣብ መዕቀኒ ስርዓታት

ኣብ ኮሉ መዕቀኒታት ስነ ፍልጠት፡ ዜሮ ማለት እቲ መበገሲ ነጥቢ ማለት እዩ። ኣብ ግራፍ (ኤክስ - ዋይ ኣክሲስ) እቲ ማእከል '0,0' ይብሃል። ካብኡ ተበጊስካ ኢኻ ናይ ሓደ ነገር ርሕቀት ወይ ናህሪ እትዕቅን። ኣብ ፊዚክስ፡ ፍጹም ባዶ ጸቕጢ ማለት፡ ዜሮ ሜለኩል ዘሎዎ ቦታ ማለት እዩ።

7. ዜሮ ከም መበገሲ ግዜ

ኣብ ናይ ጠፈርን ሮኬትን ስነ ፍልጠት፡ ዜሮ ፍሉይ ትርጉም ኣሎዎ። ሓደ ሮኬት ናብ ጠፈር ክመጥቕ ከሎ፡ 'ቲ- ዝጉደሎ 10, 9, 8... 0' እናተባህለ ይቕጸር። እቲ '0 ሰዓት' እቲ ናይቲ ምንቅስቓስ ወሳኒ መበገሲ እዩ። ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ ፍጥረት ዓለም ክጽናዕ ከሎ፡ እቲ ዓቢ ነትጉ ዝተፈጸመሉ ቅጽበት ከም 'ግዜ ዜሮ' (ግዜ = 0) ይውሰድ። ካብኡ ንነጀው ዘሎ ግዜ ጥራይ እዩ ክዕቀን ዝኽእል።

8. ፍጹም ባዶነት ኣብ ኳንተም ፊዚክስ (ኳንተም ቫኩም ኢነርጂ)

ኣብቲ ኣዝዩ ረቂቕ ዝኾነ ናይ ኳንተም ፊዚክስ ስነ ፍልጠት፡ 'ዜሮ' ሓድሽ ምስጢር ይገልጽ። ዜሮ ጸዓት፡ ሓደ ዝኾነ ዘይብሉ ጓንጓ ቦታ (ቫኩም)፡ ንጥረ ነገራትን ብርሃንን እንተ ወጺኡሉ እኳ፡ እቲ መጠን ጸዓት ግን ፍጹም ዜሮ ኣይክውንን እዩ። ኣብቲ ባዶ ዝመስል ቦታ፡ ኣብ ውሽጡ ደቂቕቲ ምንቅስቓሳት ኳንተም ቀጻሊ ይካየድ እዩ። እዚ ድማ ባዶነት ባዕሉ መበገሲ ናይ ሓድሽ ሓይሊ ምኻኑ የረድኣ።

ቑጽሪ ባዶ፡ ካብቲ ተራ 'የለን' ዝብል ሓሳብ ሓሊፉ፡ ንስነ ፍልጠተኛታት፡ ሓደ ነገር ካብ የናይ ነጥቢ ይጅምር ከም ዘሎ ዘርኢ ዓቢ መበገሲ እዩ። ካብ ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ጀሚርካ ክሳብ ምስጢር ጠፈር፡ ቑጽሪ ባዶ እቲ ንኾሉ ስነ ፍልጠታዊ ስራሓት ሚዛንን ትርጉምን ዝህብ ወርቃዊ መፍትሕ እዩ። ዜሮ፡ ንባዶነት ዘይኩነ ንመወዳእታ ዘይብሉ ዓቢ ናይ ፍልጠት ማዕጾ እዩ ዝውክል።

...

ዳእላ ተመሃሮ

Q: Why were the teacher's eyes crossed?
A: She couldn't control her pupils!

ሚሪ ማና


ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቑጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቑጽሪ ርኸቡ፧



ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንሰባት በቲ ክኸኦኑ ዝብህጉዎ እናሓሰብካ ቅረቦም፣ ናብቲ በጺሐሞ ዘይፈልጡ ናይ ምግባር ዓቕሞም ንኽበጽሑ ከኣ ሓግዞም።"

- Goethe

ፍረ ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሕርሻን መግብን

ቦካሺ፡ ቅልጡፍን ኣድማዕን ድኹሚ

ቦካሺ ዝብል ቃል ብቋንቋ ጃፓን ኰይኑ፡ ብመልክዕ ኮምፖስት ኣብ ሓጺር ግዜ ተመስሪሑ ዝፈሪ ዓይነት ድኾሚ'ዩ። ንሎሚ 'ቦካሺ' ብኽመይ ይዳሎ፤ ኣድማዕነቱ፡ ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ምህብታምን ፍርያት ምህርቲ ኣብ ምኽዕባትን ከመይ ይግለጽ፤ ወዘተ ንዝብል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ልምዓት ብቕሊ ወ/ት ኣድያም ረዘነ ተወኪሰና ዘዳለናዮ ጽሑፍ ናባኹም ነብሎ።



ቦካሺ ክተዳሉ፡ ፈለማ ሓመድ ክተዳሉ የድሊ። ሓመድ ካብይ ተምጽእ ግና ምፍላጥ የድሊ። ሓመድ፡ ህይወት ካብ ዘሎዎ ቀመማዊ ድኾሚ ዘይንጸጎ (ዘይግበረሉ) በረኻ፡ ላዕለዋይ ቀጸላኡ፡ ኣግራብ ብብዝሒ ዝወደቕዎ ጣሻ ክትጥቀም እቲ ዝበለጸን ተመራጽን'ዩ። 'ክንደይ ዝኸውን ሓመድ የድልየካ፧' ንዝብል፡ ሓደ ኣብኣት ክንጠቅሰ። ፈለማ፡ ክልተ ክሻ ወይ ክልተ ዓረብያ ሓመድ ከምኡ'ውን ኣብ ርእሲ'ዚ ኣርባዕተ ዓረብያ ድኾሚ እንሰሳታት ተዳሉ። ኣብዚ፡ ቀልቀል ደርሁ እንተ ተረኺቡ ተመራጺ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ቀልቀል ደርሁ ብትሕዝቶ ናይትሮጅን ሃብታም እዩ። ቀልቀል ደርሁ ምስ ዘይርከብ ግን ድኾሚ ናይ ዝኹነ እንሰሳ ክንጥቀም ንኽእል። 'ሓሰር-ንፋይ' ክርከብ ዝበለጸ፡ እንተዘይኮይኑ፡ 15 ኪሎ ግራም ሓርጭ ናይ ዝኹነ ዓይነት እኽሊ ንቕርብ። 15 ኪሎ ግራም ክንቀርብ ምስ እንጽገም ድማ ፍርቂ ማለት 7.5 ኪሎ ግራም ንቕርብ። ኣብ ግዜ ምብልላዕ መቀላጠፊ ኾይኑ ዘገልግል ጥር-ነገር፡ ዝኹነ ሓረስታይ ኣብ ኮባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ብምኻድ፡ እንተ'ለዎም ክሓትት ይኽእል። ምስ ዘይረክብ ግና ኣብ ክንድኡ ሸንቲ ኩብቲ ክጥቀም ይኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጥቕሙ ወዲኡ ዝጉሓፍ ድርቅምቃም (ድኹም) ፈሓም ንቕርብ። ፈሓም፡ ምስ ዘይንረክብ፡ ከም መተካእታኡ እንተ ተረኺቡ ርሺ፡ እንተዘይ ተረኺቡ ድማ ብቕቡቕኡ ናይ ኣእካል ንቕርብ። ሓደ ሊትሮ ሸንቲ ኩብቲ ዝኣተዎ ሓደ ሰንኪሎ ማይ ንቕርብ። እዚ ኽኡሉ ቀሪብና ምስ ወዳእና፡ ብኽመይ ንምስርሖ ንዝብል ኣገባብ ድማ ንመልከት።



ኣድያም ረዘነ

ክዳሎ ስለ ዝኽእል፡ ንኽሉም እዞም ዝጠቕስናዮም ጥረ-ነገራት ብምሕዋስ፡ ኣጸቢቕና ነዳውሶም። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ማእከል ናይቲ ኩምራ ከፊትና ኑቲ ሸንቲ ዝተሓወሶ ማይ ደፊእና ይኣኽሎ ክሳዕ እንብሎ ንገላብጦ (ነብዕሮ)። ከከም ኣድላይነቱ ማይ ከነጉድልን ክንውሰክን ንኽእል። ኣብ መወዳእታ፡ ከም ናይ ቦሶ ብኢድና ንፍትኖ። ጸረር ዝብል ማይ ምስ እንዕዘብ፡ ማይ በዚሑና ምህላውን ነዚ ንምጉዳል ድማ እንተስ ሓመድ ወይ ዒባ ወሲኽና ክነወሃህዶ የድልየና። ብኣንጻሩ፡ ድርቀት ምስ እንዕዘበሉ ድማ ክሳዕ'ቲ እንደልዮ ምጣነ ዝሕዘልና ዝጉደለ እናጉደልና፡ ዝወሓዶ እናመላእና ክነዳልዎ ይግባእ።

እዚ ኹሉ ገይርና ምስ ወዳእና፡ ንሓደ ለይቲ ክሻ ሸፊንናዮ ንሓድር። ንጽባሒቱ ከፊትና ንገላብጦ (ንገማጥሎ)። ረስኒ ዝጅምር፡ ካብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ መዓልቲ እዩ። ረስኒ ኣብ ዝጀመረሉ፡ ብመልክዕ ቅሚጦ ንላዕሊ ንኹምሮ። ካብ ራብዓይ መዓልቲ ኑቲ ዝተኹመረ ለጥ ከም ዝብል ንገብሮ። ኣብ ሓምሻይ መዓልቲ ንመሸፈኒ ክንጥቀመሉ ዝቐነና ኣቕሓ ንኣልየሉ። ኣብ ሻድሻይን ሻብዓይን መዓልቲ ምግልባጥ እንተብዝሓናሉ፡ ረብሓኡ ይዓዝዝ። ክሳዕ ዝደርቕ መስርሕ ምግልባጥ ንቕጽሎ። ኣብ መወዳእታ፡ ነቒጹ ይኣኽሎ'ዩ ኣብ ዝበልናሉ ግዜ፡ ኩሉ ነገር ደው ነብሎ። እዚ ኣብ ግራት ክንጥቀመሉ ድሉው ምኻኑ ዘረድእ'ዩ። ካብኡ ንደሓር ኣብ መሬት ሕርሻና ክነውዕሎ ንኽእል።


ቦካሺ፡ ተዳልዩ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል፡ ካብ ሓደ ሰሙን ክሳዕ 10 መዓልታት ክወስደሉ ይኽእል። እዚ ክንብል እንከለና ግን ወቕትን ቦታን ጽልዋ ከም ዘሎዎም ምርዳእ የድሊ። ኣብዚ፡ ጋሽ ባርካ ከም ኣብነት ምስ እንርኢ፡ ኩነታት ኣየሩ ውዑይ'ዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ክትገላብጦ ዘገድድ'ዩ። በዚ ድማ ቦካሺ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽት መዓልቲ ክበጽሕ ወይ ክዳሎ ይኽእል። ኣብ ዓሰብ ዝያዳ ረስኒ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ 3 ክሳዕ 5 መዓልታት ክበጽሕ ይኽእል። ኣብ ዝሑል ቦታ ንኣብነት ኣብ ከባሳታት፡ ኩነታት ኣየር ብተዛማዲ ዝሑል ስለ ዝኾውን፡ ኣብ መዓልቲ ሓደ ሰሙን ክወስደሉ ይኽእል።

ኣገባብ ኣጠቓቕማ

ኣብ ምድላው ድኾሚ ቦካሺ፡ ቀልቀል ደርሆ እንተ ተጠቒምና፡ ቀልቀል ደርሆ ሓይሊ ስለ ዘሎዎን ናይ መዳበርያ ባህሪ'ውን ስለ ዝሕዝ፡ እሞ ድማ ኣብዚ ዕላማ ዝኹነ ተኽሊ፡ ፈልሲ ምስ ዝኾውን፡ ኣብ ጥቕሚ ከነውዕሎ ዝመደብናዮ ድኾሚ ኣብ እግሪ ተኽሊ ኢና ክንገብሮ ዘለና። እዚ ምስ ገበርና፡ ብልዕሊኡ ግድን ሓመድ ክንገብረሉ ይግባእ። ኣብ ዘርኢ ክንጥቀም መዲብና እንተኣሊና ድማ፡ ንዘርኢ ከየቃጽለልና ካብ ዘርኢ ካብ 10 ክሳብ 20 ሰ.ሜ ኣብ ዘሎ ርሕቀት ኮዒትና ብሓመድ ንኽድኖ። ሓመድ ክንከድኖ እንድረኽሉ ምኽንያት፡ ክፈሪ እንከሎ ኣብ ትሕቲ ጽላል ስለ ዝፈራ፡ ክንጥቀመሉ እንከለና ሓመድ ክንከድኖ ግድነት ይኸውን። ብፋሕ ክንንስንሶ እንተወሲንና፡ ግራት ኣብ እንሓርሰሉ ቅድሚ ዘርኢ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ ካልኣይ ማሕረስ ኣብ መሬት ሕርሻና ክንንስንሶ ይምረጽ። ምኽንያቱ ኣብ እዋን ማሕረስ ስለ ዝግምጠል።

መደምደምታ

ብቕጠባ፡ ብግዜ ይኹን ብጉልበት ብዝቐለለ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን በሲሉ ብውሑድ መጠን ንሰፊሕ መሬት ዝሸፍን ቦካሺ ክነዳሉ እንተኾንና፡ ክሳዕ ሕጂ ዘጋጠመና ጸገማት ክፈትሑ ይኽእሉ። ብፍላይ ኣብ ሓጺር ግዜ ክንጥቀመሉ ዝተሰርሐ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ድኾሚ ኣብ ዘይተጠበቐ ጸገም ከይንወድቕ ብቕሊ ክንጥንቀቕ ይግባእ።



ብግቡእ እንመልኮ ኣብ ኮባቢና ናይ ዝርከቡ ደገፍ ክኢላታት ሕርሻ ክንሓትት ኣገዳሲ እዩ። ቦካሺ ብዘደለናዮ መጠን ኣብ ሳንጣ'ውን ከይተረፈ ብምፍራይ፡ ኣብ ቀጽሪ መንበሪ ቤት ንዝግበር ልምዓት ኣሕምልትን ቀመማትን ብዘቐለለ ክንጥቀመሉ የኽእለና።

***

ቴክኖሎጂ ሕርሻ

ቀመማዊ ድኾሚ፡ ንሕርሻ ኣፍሪቃ የበላሹ

ሓረስቶት ኣፍሪቃ፡ ሓመድ ናይ ዝሓርስዎ መሬቶም እናመኹነ ይመጽእ ምህላዉን ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ድማ ልዕሊ ዓቕን ሞጥቃም ቀመማዊ ድኾሚ ምኻኑን ይሕብሩ ኣለዉ። ቀድሚ 25 ዓመታት፡ ኣብ ምዕራባዊ ገጠራት ኬንያ ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ካብ 10 ቃጽየ መሬት ብማእከላይ ገምጋም 200 መሸማዕ ምህርቲ ዕፍን ዝሓፍሉ ዝነበሩ፡ ኣብዚ እዋን እቲ መጠን ምህርቲ ናብ ትሕቲ 30 መሸማዕ ኣንቁልቁሉ ይርከብ። እዚ ዝኹነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ቀደም ኣዝዩ ልሙዕ ዝነበረ ሓመድ ግራውቶም፡ ብሰንኪ ዘየቋርጽ ተጠቃምነት ዘመናዊ ድኾሚ ናብ ኣሲዳዊ ሓመድ ይለወጥ ስለዘሎ'ዩ።

መንግስቲ ኬንያ፡ ካብ 2008 ጀሚሩ ዘመናዊ ድኾሚ ብድጉማ እናቐረበ፡ ሓረስቶት ብቐሊሉን ብብዝሕን ከም ዝጥቀምሉ ገይሩ። ብሰንኩ ድማ ሓረስቶት ኬንያ፡ ከም ካልኦት ሓረስቶት ኣፍሪቃ ናብ ኣደዳ ምንቀ-ልቋል ምህርቲ ተቓሊያም ይርከቡ። ንሳቶም ቡቲ ረኺቦሞ ዘለዉ መዓት ኑቲ ብዘይ መጽናዕትን ምርምርን ቀመማዊ ድኾሚ ዘዓደለ መንግስቶም'ዮም ዝወቐሱ። ኣብዚ እዋን፡ ኣስታት 63% ካብ ጠቕላላ መሬት ሕርሻ ኬንያ፡ ብሰንኪ ቀመማዊ ድኾሚ ትሕዝቶ ሓመዱ ናብ ኣሲድ ተለዊጡ ከምዘሎ ክኢላታት'ታ ሃገር የመልክቱ። (apnews.com) ኣብታ ብሕርሻዊ ፍርያት ፍልጥቲ ዝነበረት ዚምባብወ እውን እንተኹነ፡ ካብዚ ብዘይፍለ፡ መጠን ናይ'ቲ ብምሓር ተጠቃምነት ቀመማዊ ድኾሚ ናብ ኣሲድ ዝተለወጠ መሬት ሕርሻ ኣስታት 70% በጺሑ ከምዘሎን ሓረስቶት ግዳይ ናይቲ ቀመማዊ ድኾሚ ኰይኖም ከም ዘለዉን ጸብጻባት መንግስቲ ይሕብሩ።

ፈጻሚ ዳይረክተር ፈደረሽን ሓረስቶት ምብራቕ ኣፍሪቃ - ስቴፈን ሙቺሪ፡ "ጥዕና ሓመድ ዝሕረስ መሬት ኣፍሪቃ ክፍወስ ኣብ ዘይክእለሉ ሓደገኛ ደረጃ'የ በጺሑ ዘሎ" ድሕሪ ምባል፡ ሓረስቶት ንቕመማዊ ድኾሚ ቶባእ ኢሎም ናብቲ ቀደም ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ባህርያዊ ድኾሚን ምቕይያር ዘራእትን ክምለሱ፡ ከምኡ ድማ ካብ ገፈጥ-መፈጥ ዝዳሎ ኮምፖስት ክጥቀሙ ይምሕጸን።

ብደረጃ ዓለም ተሪፉ ካብ ዘሎ ዘይለምዐ ዝሕረስ መሬት (ቃድራ) እቲ 65% ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ክንሱ፡ ኣፍሪቃ ግን ዓመታዊ ኣስታት 60 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት እናገበረት'ያ ካብ ወጻኢ መግቢ ተእቱ ዘላ - ብመሰረት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ። እዚ ወጻኢታት'ዚ ኣብ ዝቐጽል ዓመት ናብ 110 ቢልዮን ዶላር ክዓርግ ግምት ከምዘሎ ድማ እቲ ባንክ ወሲኹ ይሕብር።





ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ
ቁ. ሕታም 5
ጥሪ 2025

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኮሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽጥጥ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ሕቶ ሽባብ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጸስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ዘይንቡር ተርእዮ ኣብ ናጽላታት



ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ ዓምዲ ሕቶ ሽባብ፡ ሎሚ እነቐርበልኩም ኣርእስቲ ብተለፎን ብተደጋጋሚ ካብ ዝሕተቱ ዛዕባታት ኮይኑ፡ ኣብ ናጽላታት ዝረኣዩ ፍሉያት ትርእዮታት ክንድህስስ ኢና፣ ሰናይ ንባብ።

ናጽላ ዝበሃል፡ ህጻን ተወሊዱ ክሳብ ሓደ ወርሒ ዘሎ እዩ። በዚ ድማ ዕሽላት ውልድ ምስ በሉ ኣብ ትካላት ጥዕና ኣብ 1ይ ደቒቕ፡ 5ይ ደቒቕ ከምኡ'ውን ኣብ 10ይ ደቒቕ ጽዑቕ ምክትታል ይግበረሎም እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሰብ ሞያ ዝከታተሉዎ ውልድ ዝበለ ህጻን፡ ብኽያት ክህልዎ ከም ዘሎዎ (እዚ እቲ መጀመርታ ዕሽል ብህይወት ከም ዘሎ ዘበስረካ ድምጺ ክኸውን ከሎ) ከምኡ'ውን ኣተነፋፍሳ፡ ትርግታ ልቢ፡ ሕብሪ ቁርበት፡ ወዘተ እናተባህለ ኣካላዊ መርመራ ይግበረሎም'ዩ። ቀጺሎም ዝግበሩ መርመራታት ድማ ኣብ መዓልቶም ድዮም ተወሊዶም ኣይኮኑን ንምፍላጥ ዝግበር'ዩ። እዚ ድማ ሚዛን ሰብነት ትሕቲ 2.5 ኪሎ ምስ ዝውለድ (ንቡር ሚዛን ካብ 2.5 - 4.5 ኪሎ'ዩ)፡ ሕብሪ ቁርበት ዘንጸባርቕን ዘይበሰለን (ኣዝዩ ረቂቕ) ዝመስል ሕብሪ፡ ከምኡ'ውን ጥዑይ ገይሩ ዘይበቕለ ጽፍሪ ክረኣዩ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ፡ መዓልቱ ዘሕለፈ ምስ ዝኸውን ድማ ዝተጨማደደን ጽምኣት ዘሎዎ ቀርበትን ኣዝዩ ዝነወሐ ጽፍርን ይውንኑ። እቲ ብ3ይ ደረጃ ዝግበር መርመራ፡ ኣብ ኣካላት ዝረአ ዘይንቡር ቀርጺ ንኽይህሉ'ዩ። እዚ ማለት ከፋት ዓንዲ ሕኞ፡ ኣብ ከንፈር ዝረአ ክፍተት፡ ርኡይ ኣካላዊ ስንክልና ኣዝዩ ዝገዘፈ ወይ ዝደቒቐ ርእሲ ብምዕዛብ ንቡርን ዘይንቡርን ክብለና ዝኽእል እዩ። እዚኣቶም ኮሎም ሕክምናዊ ሓገዝ የድልዮም እኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ብዝህብዎ ምኽርን ማዕዳን ወለዲ ካብ ሻቕሎት ክናገፉ ይረኣዩ። ንገለ ግና ሕክምናዊ ሓገዝ ስለ ዘድልዮም ጥብቕ ዝበለ ምክትታል ይግበረሎም'ዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣብ ናጽላታት ተራ ነገር ዝመስሉ ግና ከኣ ክብድ ዝበሉ ሓገዝ ዘድልዮም፡ ቀለልቲ ክንሶም ድማ ንሰብ ኣዝዮም ዘሻቕሉ ተርእዮታት ኣለዉ። ገለ ካብዚኣቶም ክንጠቅስ፡

1. ርእሲ

ኣብ ግዜ ወሊድ ምስ ዒሕታ ዝመጽእ ሕቡጥ ርእሲ ኣሎ። እዚ ኣብቶም ብርእሶም ዝመጹ ዕሽላት ዝረአ ኮይኑ፡ ቅርጺ ናይ ርእሲ ተቐይሩ፡ ሕቡጥ ኮይኑ ክረአ ይኽእል'ዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ብዙሕ ጸገም ዘይብሉ ኮይኑ፡ ምስ ግዜ እናጠፍኣ ዝኸይድ'ዩ። ኣብዚ ክሰሓት ዘይብሉ ግና እቲ ሕቡጥ ደም ዝሰረበ ምስ ዝኸውን ወይ ኣብ ግዜ ሕርሲ ዘይነበረ ግና ድሕሪ ገለ መዓልታት ወይ ሰሙናት ምስ ዝመጽእ፡ ሰብ ሞያ ተራ ሕቡጥ ድዩ ወይ ካልእ ጠንቂ ዘሎዎ'ዩ፡ ክፈልይዎ ስለ ዝኽእሉ ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ክነረጋግጾ ይግባእ።

2. ኣብ ገጽ ዝረኣ ሕቡጥ

እዚ ሸሕ'ኳ ብብዝሒ ዝረኣ ኣይኹን፡ ኣብቶም ብገጾም ዝመጽኡ ዕሽላት ዝረኣ'ዩ። ኣብ ግዜ ወሊድ ዘሎ ድፍኢት ዝፈጠሮ ጸቕጢ ገጽ ሕቡጥ ይገብር እሞ፡ ወለዲ ክሻቐሉ ይረኣዮ'ዮም። ዝፈጥሮ ጸገም ስለ ዘየለ ግና ዝግበረሎም ነገር የለን። ምስ ግዜ ከኣ እናጠፍኣ ይኸይድ'ዩ።

3. ምሕባጥ ወይ ምግዛፍ ጡብ

ኣብ መስርሕ ወሊድ ካብ ኣደ ናብ ዕሽል ዝረአ ምትሕውዋስ ደም፡ ከምኡ'ውን ዝሓልፉ ነዝዕታት (ሆርሞናት) ይህልዉ እሞ፡ እዞም ነዝዕታት ልክዕ ከምታ ኣደ ኣንስታዊ ባህሪ ከም ዝረኣዮም ይገብሩ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዕድመ ግርዝውና ምስ በጽሐት እተርእዮ ኣካላዊ ለውጢ በዞም ኣቐዲምና ክንጠቕሶም ዝጸናሕና ነዝዕታት ዝጽሎ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ናጽላታት ካብ ኣደታቶም ብዝሓልፍ ነዝዒ ኣብ ዕድመ ግርዝውና ምስ በጻሕካ ዝረኣ ምልክታት ከርእዩ ይኽእሉ። ጡብ ምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ ጸባ መሊኡ'ውን ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። እዚ ብዘይ ዝኾነ መድሃኒታዊ ሓገዝ ባዕሉ ዘቋርጽ ስለ ዝኾነ ክሻቐል የብሉን። ኣብ ገሊኡ እቲ ጸባ ዝኽእላ ኣይኮንን። ብዓል ሞያ ርእዩ ክበብ እግሪ ድዩ ኣይኮነን ፈሊጡ ምኽሪ ንኽህበና ናብ ትካል ጥዕና ከይድና ከነረጋግጾ ይግባእ።

4. ሕምብርቲ ወይ ዕትብቲ

ናይ ናጽላ ስርሓ ዝወደኣት ኣካል ስለ ዝኾነት ንህጻን ዝኾነ ይኹን ቃንዛ ትፈጥረሉ ኣይኮነትን። ብጽርየት ክንሕዛ ከም ዘሎና፡ ጨና ይኹን ምግሊ ዝመስል ነገር ከይፍጠር ጥራይ ክንከታተላ ይግባእ። ማይ ጠልቀያ ከይነቐጸት ከይንገድፋ ብግቡእ ከም ዘንቀጽናያ ከነረጋግጽ ኣሎና። ክሳዕ ባዕላ እትወድቕ ጠለ. ክህልዋ የብሉን (ማይ ክትጥልቂ የብላን) ዝብል ሓበሬታ ስለ ዝተወሃብና ግና ናጽላታት ክሕጸቡ የብሎምን ማለት ኣይኮነን።

5. ከባቢ ርሕሚ

ኣብ ናጽላ ጓል ኣንስተይቲ ዝረአ ካብ ማህጸን ዝወጽእ ጻዕዳ ፈሳሲ ወይ መድመይቲ ብርሕሚ ኣቢሉ ክመጽእ ምስ ዝረኣ፡ ኣደታት ኣዝየን ክሻቐላ ይረኣያ'የን። እቲ ምኽንያት ካብ ኣደ ዝሓለፈን ነዝዒ ንማህጸን ልክዕ ከም ናይ ወርሓዊ ጽግያት ዝመስል መድመይቲ ኮይኑ ክረአ ስለ ዝኽእል እዩ።

6. ምዕጻፍ ግንቦ እግሪ

እዚ ብምኽንያት ናጽላ ኣብ ማህጸን ዝነበሮ ኣቃውማ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ንኽበብ እግሪ ዝመስል ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ ግና ብዓል ሞያ እንተ ዘይኮይኑ ኣደታት ክፈልዮኣ ዝኽእላ ኣይኮናን። ብዓል ሞያ ርእዩ ክበብ እግሪ ድዩ ኣይኮነን ፈሊጡ ምኽሪ ንኽህበና ናብ ትካል ጥዕና ከይድና ከነረጋግጾ ይግባእ።

7. ቁርበት

ኣብ መጀመርታ ሰሙናት ዝረኣ ዕንፍሩር ዝመስል ቅይሕ ዝበለ ቁርበት ክረኣ ይኽእል። ኣብዚ ግዜ ኣደታት ናይ ቁርበት ሕማም መሲሉ ስለ ዝረኣየን፡ ክሻቐላ ይረኣያ'የን። እዚ ግና ከም ንቡር ክንክሰት ዝኽእል ተርእዮ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ'ውን ናብ ትካል ጥዕና ከይደን ምኽርን ማዕዳን ክወሰዳ ይኽእላ'የን።

ስለዚ፡ ካብቲ ብዙሕ ብውሑዱ ነዞም ዝጠቐስናዮም ዝመስሉ ተርእዮታት ኣለዉ እሞ ፍልይ ዝበለ ተርእዮ ኣብ እንርእየሉ እዋን፡ ሃዲእና ሸገርገር ከይበልና ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ሞያዊ ምኽሪ ተቐቢልና ክንገብሮ ዝግባእ ክንገብር ኣሎና።

***

ልቦና

ድሕሪ ዓመታት ካብ ሎሚ'የ

ዓለም ኣብ ሰጡም ሰላም ኣላ። ኩናት ኣበይ ቦታኡ ተዛዚሙ፡ ግርጭታት ተፈቲሑ፡ እቲ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጥረ በሰላታት በብቑሩብ እናሃሰሰ ከይዱ። እተን ኣብ ሓደ ግዜ ሕልምልምን ዝሕልሕልን ዝብላ ዝነበራ ቦታታት ናይዛ ዓለም፡ ሕጂ ምዉቕ ሃዋህው ረኺበን ለምለም ተሰሊመን የውረቕርቕ፣ ብህይወትን ሕብርታትን ተጕቢኣን።

ኣብ ከተማታት እዛ ናይ ተድላ ዝኾነት ዓለም፡ ማእከል ምዕባለን ዕብየትን ዝኾነ ህንጻታት ኣብ ዝባን እቲ ዝኣረገ ዑናታት ተሃኒጹ፡ ሰባት ሓድሕዶም ብውህደት እናነበሩ፡ ነቲ ጉድናታት መዚቓ ብዝጥዕም ወኻዕኻዕታ ቃንዮም፣ ህዋ ድማ ከም ሸታ ናይ ፋሕፋሕ ዝብል ዕምበባታት ጥዑም መኣዛ ተዘርጊሑሉ፡ ንኽትነብረላ ማዕረ ክንደይ እተብህግ ፕላነት ከም እትኾውን ገይሮምዋ ኣለዉ። ኮሉ ድማ ንኽትርእዮ ባህ ዘብልን ውሽጣዊ ሓጉስን ቀሳነትን ዝፈጥር ጣዕሚ ዝሓዘለ እዩ።

ኣብ ማእከል እዚ ተባሃጊ ዕሙር ጉድናታት፡ ሰላም ዝሰማ መንእሰይ ኣስተርሕያ ኣብቲ ዝተረበበ ናይ ጉድና መናብር ኮፍ ኢላ ንኺደት እዛ ዓለም ትዕዘብ። ኣብ ኢዳ ሓንቲ ንእሽቶ፡ ፎኳስ ናይ ሰየ ቁጽሊ ሒዛ፡ ነቲ ልስሉስ ኒንታ ናይቶም ህዝቢ ኣብ ዘዝሰምዓትሉ ተኽመስምስ።

ሰለማዊት ዓለም እያ - ሃገራት ፍልልየን ኣርሒቑን ብሓባር ኣናሰርሓ ንኹሉ ዝኸውን ዝበለጸ መጻኢ ዘፈጥራላ። ዓለም እታ እንኮ ናይ ጽባቑን ትንግርትን ቦታ፡ ቁልዑ ብናጻነት ዝዕንድሩላ፡ እኹላት ድማ ብሓባር ንብሩህ ጽባሕ ዝዓይላ ስፍራ እያ ነይራ። ገጽ ነፍሲወከፍ ሰብ ብደስታ በሪሁ ነቲ ዝነፍስ ዝነበረ ህውከት ኣልቦ ንፋሳት እናስተማቐረ፡ ነናብ ዋኒኑን ዕዮኡን እዩ ዘሳጉም፣ ገለ ብፍጥነት ገለ ብዘገምታ ግና ኣብ ነናቱ መስመር - ዘይናቱ ከይርኢ እሞ ከይምነ ዝቕይዶ ናይ ሕልና መስመር። እቲ ብዓሌት፡ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ሕብሪ፡ ቋንቋ፡ ሚላ መነባብሮ ወዘተ ዝተፈላለየ ህዝቢ፡ ኣብ ፍልልዩ ከየተኩረ ንሓደ ዕላማ ኣበየ ቦታኡ ኮይኑ ብሕብረት፡ ብሓደ ሓሳብ፡ ንሓደ ዕላማ፡ ብሓደ ትግሃት ይዓዩ፣ እታ ሰላም ዝሰፈና ዝበለጸት ዓለም ንኽትነብራ ዝመችኣት ዓለም ንምህናጽ። ኣብቲ ድሮ ዝተጀመረ ህንጸት ዝዓንኹኹ ርግኣት ድማ ንኹሉ ሰብ ናይ ፍስሃ መንፈስ ክዓስሎ ገይሩዎ ኣሎ።

ሰላም ገና ኣብቲ ዝነበረቶ ኮፍ ኢላ ነታ ኣብ ዙርያኣ ዝነበረት ዓለም እና'ማዕደወት እንከላ፡ ገና ብሕጂ ዘይተገብረ ዝተረፈ ከም ዘሎ ተገንዘበት። ገናን ነዚ መፈጸምታ ንኽከናወን ዝተጋደሉን ብምኻኑ፡ ሰልጣነ ኣልቦነትን ግልሉነት ዝተሰምየምን ኣካላት ኣብ ረጽሚ ምህላዎም ኣይሰሓተትን። ግና ኣብዛ ህሞት እዚኣ፡ ብጽባቐን ፍቕርን ኣብ ዝተመልኣት ዓለም ተሓቖፋ፡ ናይ ተሰፋን ተኽእሎታትን ሰምዒት ክወራ ኣስተብሃለት፣ ሰላም ከም ዝሰዕር ዘረጋግጽ ተኽእሎታት። ኣብ መናድቕ ልባ ድማ፡ "ሰላም እትረኽቦ ነገር ዘይኮነ፡ ባዕልኻ እትፈጥሮ ጸጋ እዩ።" ዝብል ድምጺ ኣቃልሐ። ንገዛእ ርእሳ ፍሽኽ በለታ'ሞ፡ ነቲ ካብታ ሰዓት ኣትሒዙ ድሕሪ ክንደይ ግዜ ከም ዝሰፍን ርግጸኛ ዘይኮነትሉ ኣብዛ ዓለም ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘሎዎ ሰላምን ፍቕርን ዝሰፍነሉ፡ ኣብ ኣእምሮኣ ቀጂላ ክትርእዮ ዘርፈደት ናይ ሰላም ሃዋህው ምጽእ ክብላ በሃገት፣ ንሳ ሰላም።

ብርሂ ወጋሕታ

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሉተብርሃን ተወልደ ተስፋሚካኤል፡ ብዋልቤተይ ኢያብ ኣርኣያ ሮኽረድንግል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቃና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ናትናኤል መሴ ከተማ ምባል ተረፋ፡ ናትናኤል ወልዱ የማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መተዛን ተኽለይ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፍ፡ ሄናክ ተኽለይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ፍትሒ ኣሮን ገብረዮሃንስ ስም ኣደይ ፍቃዱ ኣብርሃም ሰመረ ምባል ተረፋ፡ ፍቃዱ ኣብርሃ ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያቆብ ኣሮን ገብረገርግሽ፡ ስም ኣደይ ፍቃዱ ኣብርሃም ሰመረ ምባል ተረፋ፡ ፍቃዱ ኣብርሃ ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ጸገ ደበሳይ ተስፋ፡ ወኪል ኣቶ ኣስመሮም ቃልኣብ ተስፋእዝጊ፡ ሓፍተይ ጸሃይቱ ደበሳይ ተስፋ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይን ምስ 21ተተካእቲ ናይ 4 መወትቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ነጸት እልፋ ቀለታ ምባል ተረፋ፡ ለጸት እልፋ ቀለታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣድጎይ ቀለታ ህዳድ ምባል ተረፋ፡ ኣድጎይ ቀለተ ህዳድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጎይትኦም የውሃንስ ሓጅን ወ/ሮ ሉተንገስ መብራህቱ ኢሳቕን ወድና ክፍለኢየሱስ ጎይትኦም የውሃንስ ስለዝተሰወኣ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣበባ ዕቝባይ ኪዳ ምባል ተረፋ፡ ያኔ ዕቝባይ ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣለይ ገብርሂወት ርምሃ ምባል ተረፋ፡ ኣለይ ገብርሂወት ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሳልሕ ጀጅ መሓመድ ምባል ተረፋ፡ ሳልሕ ሐጂ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ኣስቴር ተኽሉ ፍትዊ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሱራፌኤል በረኸት፡ ምባል ተረፋ፡ ሱራፌኤል የናስ ኼረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ጋሮ ኣኪየ ኪሹ፡ ብዋልቤተይ ናይት ቱካ ኣሹማ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን6 ደቃና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሳዑዳ ዓሊ ፋድል፡ ናይ ብዋልቤተይ ኣቶ ሓሰን ኣደም ዑንዳሪብ፡ ን11 ዓመት ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ፍትሒ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይቕረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪቡ ጉዳዩ ኣብ ዘለናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣሕመድ ሐመድ ናኹዱ፡ ስም ኣደይ ፋጥማ ዓሊ ሐመድ ምባል ተረፋ፡ ዓደና ዓሊ ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ሚካኤል መሓሪ ግደ፡ ብፍ.ዋኒን ASL00031551 ዝሽ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በረኽ ጻዕዳክርስትያን ቁ. ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት ማስተን ቢላርዶን ትካለይ፡ ንኣቶ ሃብተማርያም ሃብተሚካኤል ተስፋየውሃንስ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 132-1 ቁ.ገዛ 28 ካብ ዕለት 06/11/2026 ክሳብ ዕለት 05/11/2027 ኣካርየ፡ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀርዩ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣመልካቲ ሚካኤል መሓሪ ግደ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ከባቢ ወቕርቲ ዞን 1ፕሎት 52 ፓርሰል ኣይ 2፡13 ዝርከብ ስፍሓቱ 250 ት/ሜ ዝሽ፡ ብስመይ ማለት ሰምሰም ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ዝተመርሓለይ ሰድ ምርሒት መሬት ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዝዮ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07241392 ክሕብረኒ፣ እንተዘይቀርዩ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ብወኪል ጸገወይኒ ብርሃ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ን/ዞባ ደ/ምዕራብ ከባቢ ጸጸራት፡ ፓርሰል ዞን AS ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡003806 ብስም ብዋል ቤተይ ደበሳይ ወልደሰላሴ ዘርኡ፡ ዝተዋህበ ምስክር ዋኒነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሐዚዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተሌፎን 07246690 ደዊሉ የረክበኒ፣ እንተዘይቀርዩ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሉተብርሃን እማሃ በራኺ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 15751 ቁጽሪ መዝገብ 13822 ዝርከብ ናይ G22 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣዜብ ገብርሂወት በላይ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ከተማ መንደፈራ ብዕለት 13/10/22 መዝ 127/026 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወዘበ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ናብ ስም ወህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኣስመሮም እያሱ

ብስም ሩታ መስፍን ፍረ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044714 ዝሽ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቨሎ ጎደና ዋርሳይ ቁ. ገዛ 74 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ቅድሳን ኣፈወርቂ ወልደእዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ባሎኛ ቁ.ገዛ 17 ካብ ዕለት 07/09/2026 ክሳብ ዕለት 06/09/26 ኣካርየ፡ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀርዩ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ሩታ መስፍን ፍረ

ንሓጺር ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ ባኒ፡ መሰንከቲ ጣዕሚ መጥሓኒ እኽልን፡፡

ኣካዪ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ (ክፉት ጨረታ)

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ሆስፒታላትን ቤት ትምህርትን (ሆስፒታል ምጽዋዕ፡ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ሆስፒታል ኣፍዓበትን፡ ሆስፒታል ናቕፋን፡ ቤት ትምህርቲ ኣሳሰይት ነርስ ጊንዳዕን) ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡ (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ትምህርትን ይወሰዱ፡፡)

ተሳተፍቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦
1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይብዝሖ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ ባኒ ፡ መሰንከቲ ጣዕሚ መጥሓኒ እኽልን) ብሸፉግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ዕለት ካብ ዝወጸሉ ዕለት ሓሙሽተ (5) መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፣ ንጽባሒቱ 9፡45 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤ/ኣሶ/ነርስ ጊንዳዕን፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ 9፡45 ኣብ ሆስፒታል ባጽዕን ሆስፒታላት ኣፍዓበትን ናቕፋን ክጸሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ክስተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ሰራሕተኛ ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክስዕቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርቲን ይኸፈት፡፡ ኣብ ቦትኡ በዚ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብዝገልጺ ይኸፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንፍሲ ወከፍ ኣማራጺ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ባኒን 20.000.00 ናቕፋ፡ እንቋቑሖ፡ በርበረ፡ ጸባ፡ መሰንከቲ ጣዕሚ መጥሓኒ እኽልን 10.000 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተሳተፍቲ፡ ነቲ ዝተዓወቱሉ መግቢ፡ ብናቱ መጓዓዝያ ናብ ዝተዓወቱሉ ሆስፒታል የቕርብ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓድሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤት ማዘከር ዞ/ሰ/ ቀ/ባሕሪ) 3ይ ደርቢ ምጽዋዕ
ቁ.ቴሌ08534562

ሓዳስ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

VACANCY ANNOUNCEMENT

Employees of Bisha Mining Share Company are invited to apply for the Following positions.

1. Position: Mechanical Design Engineer

Department: Processing Plant
Section: Engineering Maintenance
Number Required: One (01)

Primary Purpose

- **Risk Mitigation**: Deliver mechanical related projects free of design flaws, structural weaknesses and safety hazard.
- **Cost Optimization:** Produce mechanical engineering design that is "Fit-for-Purpose" and undergo efficient material selection, value engineering & comprehensive QA/QC preventing costly error during fabrication.
- **Regulatory Compliance**: Submission of mechanical engineering design that adheres strictly to mining industry related standards and related international mechanical engineering codes.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Concept & Design:

- Develop innovative component, mechanisms, or system designs from the ground up to meet project specifications.

CAD & Technical Drawings:

- Create precise 3D CAD models, assemblies, and 2D technical drawings with proper dimensioning and tolerances.

Simulation & Analysis:

- Perform structural, thermal, or stress simulations (FEA/CFD) to validate design integrity before physical builds.

Material, Component Selection & Equipment Sizing:

- Research and select optimal materials, fasteners, equipment, and off-the-shelf components while balancing cost, weight, strength, and efficiency.

Manufacturing/Fabrication Handoff:

- Support contract manufacturers and production teams, draft Bills of Materials, and guide assembly line integration.

Documentation & Compliance:

- Maintain design history files, revision controls, and ensure compliance with relevant industry and safety standards.

Quality Control:

- Check calculations and design sheets prepared by junior engineers before final release for construction.

Cross-Disciplinary Coordination:

- Work closely with all engineering disciplines and consultants to resolve clashes and support requirements.

Code & Standard Compliance:

- Ensure all designs adhere to relevant national and international design codes.

Knowledge Transfer:

- Upskilling of local workforce through structured mentorship, hands-on training programs, and the sharing of technical expertise.

Safety Leadership:

- Demonstrate courageous leadership to enforce strict compliance and drive a ZERO-harm initiative, resulting in zero recordable incidents across the project lifecycle.

Unique requirements/other information

- Candidate must be Medically and Physically Fit.

Knowledge, Experience and Skills

Qualifications:

- Bachelor's degree in mechanical engineering or a related engineering discipline.

Knowledge and Experience:

- 5 years of progressive expertise in mechanical design engineering
- **Software Proficiency**: Strong working knowledge of CAD software (e.g., SolidWorks, AutoCAD, Autodesk Inventor, Autodesk Fusion), CAE software (e.g., SolidWorks simulation) and CFD software (e.g., Autodesk CFD).
- **Technical Skills**: Solid grasp of Strength of Materials & Mechanics, Finite Element Analysis, Material Science & Thermodynamics & Fluid Dynamics.
- **Soft Skills**: Strong analytical problem-solving abilities, attention to detail, and effective written and verbal communication skills.
- **Industry Standards**: Familiarity with specific regulatory or compliance frameworks (e.g., ISO, ASME, ASTM, API & AWS).

Technical Skills	Behavioral Skills
• 3D Parametric Modelling • 2D Engineering Drawing • Tolerance Stack-up Analysis • Material Science Proficiency • FEA,CFD,RCFA • Strong Engineering Fundamentals • Spreadsheet & Calculation Skills	• Collaboration & Teamwork • Adaptability & Resilience • Problem-Solving & Critical Thinking. Communication Skills • Attention to Detail • Time Management • Mentoring Skills.

General Information and other requirements:

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Candidate must be Physically and Medically fit.**

Additional requirements for Nationals:

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

Address: Please mail your applications to.
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276
Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
1.Aliens Employment permits Affairs,
P. O. Box 7940
Asmara, Eritrea.

2.Mineral Resources Management
P. O. Box 272
Asmara, Eritrea

መዘናግዒ

ዳህላክ ነጋሲ

ኣብ ልቢ ብዙሓት ዝሓደረት ልእልቲ

ልእልቲ ዲያና ፍራንቸስ ስፐንሰር፡ ኣባል ንጉሳዊ ስድራ-ቤት ብሪጣንያ ምንባራ ይፍለጥ። ኣብቲ ሓጺር ዘመን ዕምራ ምስ ዝተፈላለዩ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ናይ ሓገዝ ትካላት ትሳተፍ ከም ዝነበረት ይዝከር። ብሰናይ ተግባራታን ዘይጸንቀቕ ሰብኣውነታን፡ ኣብ ልቢ ብዙሓት ክትሓድር ክኢላ እያ። ስም ልእልቲ ዲያና ክርቋሕ እንከሎ፡ ብቐንዱ ካብ ዝዝከሩ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ብኸፊሉ ምስ እንዝርዝር፡-

1. ምንቃሕ ህዝቢ ብዛዕባ ተመሓላለፊ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ ክዝከር ይኽእል። እዚ ሕማም ኣብ መጀመርያ 80ታት ዘስዕቦ ጉድኣት ዘሰካሕክሕ ስንባደ ምስ ፈጠረ፡ በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ብሕብረተ-ሰቦም ክንጸሉን ክግለሉን ይግደዱ ነይሮም። ልእልቲ ዲያና ነቲ ኣብ ልዕሊ ግዳያት ዝወርድ ዝነበረ ተነጽሎን ግፍዕን ንምቅዋም ክትንቀሳቐስ ጀሚራ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ምዝዛም ናይቲ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ኣብ ከተማ ለንደን ዝርከብ ሓደ ሆስፒታል፡ ሕክምናዊ ክንክን ንዝረኽቡሉ ዝነበሩ ግዳያት ናይቲ ሕማም ክተብጽሖም ናብቲ ቦታ ከይዳ። በቲ ተግባር ልቢ ብዙሓት ክትትንክፍን ተቐባልነትን ክትረክብን ዝለዓለ ጽልዋ ነይሩዋ። ኣብቲ እዋን ኣሸንኳይዶ ሓንቲ ካብ ኣባላት ንጉሳዊ ስድራ-ቤት፡ ወላዲ ንወላዲ፡ ወሉድ ንወላዲኑ ክቐርብን ክሓቝፍን ዝፈርሓሉ ዝነበረ ፈታኒ እዋን፡ ንሳ ነቲ ስጉምቲ ምውሳዳ ሰብኣዊ ክብርታት ቀዳሚ ኹሉ ከም እትሰርዕ ክትምስክር ክኢላ።

ከም ውጽኢቱ ህዝቢ ዓለም ብዛዕባ ነቲ ሕማም ዝነበሮ ግጉይ ጠመተ ክቕይር ዝለዓለ ደርኺት ኮይንዎ እዩ። እቲ ከኣ ሰብኣውነት ብዙሓት ዝቐስቀሰ ብቐሊሉ ዘይሃስስን ዘይርሳዕን ተግባር ናይታ ልእልቲ እዩ። ካልእ፡ ሕጊ ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ልእልቲ፡ ዓለም ገሊልዎም ንዝነበረ ሕሙማት ይትረፍ፡ ንዝኾነ ሰብ፡ ልእልቲ ብዘይጓንቲ ሰላም ክትብል ዘፍቅድ እኳ እንተኾነ፡ ንሳ ንኹሉ ሕጋጋት ዕሸሽ ብምባል፡ ኑቶም ሕሙማት ሞራሎም ክብ ንምባል ትድግፎም፡ ተተባብዖምን ብኣእዳዋ ትደህስሶምን ነበረት።

2. ኑቶም ቤት-ኣልቦ ዝኾኑ ሰባት ንምሕጋዝ ዝወሰደቶ ተበግሶ እውን ከይተጠቕሰ ክሕለፍ የብሉን። ልእልቲ ዲያና ኣብ 1992 ማእከል መሐዝኢ ጽገማት ብምኽፋት፡ ንብዙሓት መጽለልን መዕረፍን ክትከውን ክኢላ። እቲ "ሰንተር ፖይንት" (centre point) ዝተሰምየ ትካል፡ ኢቶም ብሰንኪ ዝተፈላለየ ጠንቅታት ኣብ ጉደና ዝነብሩ መንእሰያትን ግዳም-ሓደርን ዘጽልሉ ስፍራ ነይሩ። ንሳ ብቐጻሊ



ናብቲ መዕቀቢ ስፍራ እናተመላለሰት፡ ኑቶም ሰባት ብቐረባ ትከታተሎም ነይራ።

ናብቲ ማእከል ንብሕታ ጥራይ ዘይኮነት፡ እንተላይ ኑቶም ክልተ ደቃ ሒዛቶም ትኸይድ ነይራ። በዚ ከይኣኽለ ኣይተርፍን፡ ልእልቲ ዲያና ምስ ሓለፈት፡ ደቃ ኣሰራ ብምኽታል፡ በኹሪ ወዳ ልዑል ዊልያም፡ ናይቲ ወላዲቱ ዝመስረተቶ ትካል ኣካያዲ ኮይኑ ተመሪጹ። ስለዚ፡ እታ ርህርህቲ ኣደ ጽልዋኣ ናብ ወላዳ ከተሰጋግሮ ምኽኣላ ደማ ዝለዓለ ብልጫ እዩ።

3. ልእልቲ ድያና ናብ ሃገረ ኢንዶኔዥያ ዝርከብ ሆስፒታል ደዌ ዝገበረቶ ምብጻሕ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ምንቅስቓስ ብዛዕባ ሕማም ደዌ ገለ ካብ ተዘኪሪ ንጥፈታት እዩ። ነቲ እተዛረዶ ሰናይ ተግባር ዝቃወምን ክትርፍዎ ዝህቕትን ብዙሓት እኳ እንተ ነበሩ፡ ንሳ ንኹሉ ማሰናኸሊት ብምስጋር፡ ናብ'ቲ ሆስፒታል ብምምራሕ፡ ምስ'ቶም ኣብ ዓራት ተጋዲሞም ዝነበሩ ተሓኻምቲ ኣብ ጎድኖም ኮፍ ብምባል፡ ንዝተቐራረጸ ክፋል ኣካሎም ብኣእዳዋ ክትደህስስ ተራእያ።

በቲ ንዓለም ዘገረመ ተበግሶኣ ደማ፡ ብዙሓት ብዛዕባ እቲ ሕማም ዝነበሮም ጠመተ ክቕይሩን ንቕሓቶም ክዕበዩን ደርኺት ፈጢራ እያ። ልእልቲ ድያና ንዝነበራ ዝና ተጠቒማ፡ ኣብ እተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ሕሙማት ደዌ ክግለሉን ክንጸሉን ዘይኮኑ፡ ብፍቕሪ ክሕቆፉን ክናበዩን ከም ዘለዎም መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ እያ።

4. ልእልቲ ድያና ነተጉቲ ናብ ዝተቐብረሉ ቦታታት ሃገረ ኣንጎላ ብምብጻሕ፡ እቲ ነተጉቲ ክእለ ኣትረራ ከም ዝተቓወመት ይዝከር። ንሳ ንጉሳዊ ኣኩብራ ገዲፋ ኣብ ሸግር መከራን ንዝኩብሩ እሞ ደማ፡ ብሕብሪ ቀርበዮምን ክሳታት መኩብሮኦምን ዓለም ዘጸሎም ክፋል ሕብረተሰብ፡ ብኣካል ብምብጻሕ ኣብ ዝኸሪ ብዙሓት ዘይሃስስ ምስሊ ከም እትገድፍ ገይሩዋ እዩ። ኣብቲ እዋን ምስ ሓንቲ ብነተገቲ እግራ ዝተቖርጸት ህጻን ዝተሳእለቶ ስእሊ ምስ ተፈነወ ደማ፡ እቲ ጉዳይ ኣተከኮሮ መላእ ዓለም ክስሕብ ክኢሉ።

እዚ ገለ ካብ ብዙሕ ሰናይ ተግባራት ናይታ ልእልቲ እዩ። እታ ልእልቲ ብሞት ካብ እትፍለ ዋላ'ውን ሓያሎ ዓመታት ኣቆጺራ እንተ ሃለወት፡ ስማን ሰናይ ተግባራን ግን ክሳብ ሎሚ ኣይሃሰሰን። ስለዚ ኩሉ ሰብ ይዕበ ይንኣስ ሰናይ ተግባር ምስ ዝፍጽም፡ ኣብ ሕብረተ-ሰቡ ዝህልዎ ጽልዋ ዓቢ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ክግታእ ዘለዎ ኣሉታዊ ጽልዋ 'ሞባይል' ኣብ ህጻናት

ህጻን፡ ብብዙሕ ነገራት እዩ ዝጽሎ። ገለ ካብኦም ጽልዋታት ዘሕድርሉ፡ ወለዲ፡ ኣኽባቢ፡ እንስሳታትን ካልእ ኩሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ክጥቀሱ ይኽእሉ። በዚ ከኣ፡ ህጻናት ብሕልፊ ኣብ'ተን ናይ መጀመርታ ክልተ ዓመታት፡ ሓደሽ ነገር ብምዕዛብን ብምድግጋምን እንትብሃግን ብዘለዎ ኩነታትን እዮም ዝዓብዩ። ከም ኣብነት፡ ብምስማዕ ቋንቋ ክለምዱ እንከለዉ፡ ብምርኣይ ከኣ ነገራት የስተብህሉ፡ ብሓፈሻ ደጋጊሞም ብምፍታን ሓደሽ ክእለት የጥርዩ።

ህጻን ወላ'ውን እናተጋገየ ብዘይ ዝኾነ ሕፍረት፡ ንሓደ ነገር ደጋጊሙ ክፍትን ኣይጸገምን እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ህጻናት ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ቋንቋ ይመልኩ። እንስሳታት ብተፈጥሮምኦም ካብ'ቲ ወረሶሞ ዝመጹ ጅረዊ ኣካይዳዮም ዝደግሙ። ክንዲ ዝኾነ እንስሳታት ካብ ሰብ ተማሂሮም ክንዲ ሰብ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ብኣንጻሩ፡ ደቂ-ሰብ ብምውሳኽ ወለዶ ምስ ከበባኦም'ዮም ዝምዕበሉ። ብፍላይ ከኣ ህጻናት። ክንዲ ዝኾኑ እዚ እቲ ዝዓበየ ተፈጥሮኣዊ ፍሉይነትና'ዩ።

ኣብዚ እዋን ምስ ዘሎ ህሉው ምዕባለ ቴክኖሎጂ፡ ተጠቀምነት ተንቀሳቓሲ ቴሌፎናትን ታብለትን እናዓበየ ምምጽኡ ዝኽሓድ ኣይኮነን። ብፍላይ ህጻናት ምስ ፍርያት ቴክኖሎጂ ዘለዎም ምትእስሳር፡ ዓቕሙ ሓሊፉዎ ደሮ ብደረጃ ለበዳ ክረኣ ጀሚሩ ኣሎ። ንኣብነት፡ ሞባይላትን ታብለትን ዝጥቀሙ ህጻናት ምስ'ቶም ዘይጥቀሙ ክነጻጸር እንከሎ፡ ትሑት ናይ ምርኣይን ምስማዕን ዓቕሚ፡ ዝተሓተ ምልክት ቋንቋን ናይ ምዝራብ ክእለትን ከም'ኡ'ውን ደኑት ናይ ምምዝዛን ዓቕሚ ከም ዘለዎም ይጋዋሕ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣካላዊ ሕማማት፡ በቲ ዝነበረሎም ጸወታት በበቐሩብ እናሃሰሱ ይመጽኡ ኣለዉ። ብኣንጻሩ፡ ኣእምሮኣዊ ምዕባለታት በዚ ዘለናዮ ዘመን ይጸሎ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለታት ኣብ ዕቤት ቆልዑ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ዝለዓለ እናኸደ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ ቆልዓ ኣካላዊ ምዕባለ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ እቲ ዋና ወይ ናይ መውዳእታ ሸቶ ግን ኣእምሮኣዊ ምዕባለ'ዩ። እቲ ምንታይ፡ ቆልዓ ስለ ዝተኸደነ ወይ ስለ ዝበልዐ ኣይኮነን ጥዑይ ዝኸውን። ነቲ ንኣእምሮኡ ዝምግብ ነገራት ሃናጺ ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ ጥዑይን ኣፍራይን ህጻን ክህልወና ዝኽእል። ስለዚ፡ ቆልዓ ክዓቢ እንከሎ ብምውሳኽ'ዩ ዝዓቢ።



በዚን ዘመናውያን ተንቀሳቐስቲ ቴሌፎናት፡ ታብለት፡ ቴለቪዥን ካልእን ቆልዑ ኣብ ምርኣይ ጥራይ ዘድሃቡ ክዋሳእሉ ኣብ ዘይክእሉሉ ምዕባለታት ይድረኹ ስለ ዘለዉ፡ በዚ ህጻናት ብሕልፊ ኣብ ምልክት ቋንቋን ምስማዕን ብሓፈሻ፡ ኣብ ባህሪኦም ንርእዮ ዘለና ጸገም ህያው ምስክር ኣሉታዊ ጽልዋኡ እዩ። ዳርጋ ድሕሪ ለበዳ ኮረና ቫይረስ፡ እቲ ዝዓበየ ለበዳ ተንቀሳቐስቲ ቴሌፎናት'ዩ ክበሃል ይኽእል።

ሓደ ቆልዓ ብዝበዝሐ ምውሳኽ ክዓብን ኣእምሮኡ ብእኡ ክምዕበልን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ንዊሕ ሰዓታት ኣብ 'ስክሪን' ኮፍ ክብል፡ ብሕልፊ ናጽላታት 4 ኣዋርሕ ዘይመልኡ ዋላ'ውን 6 ኣዋርሕ ዘይኣኸሉ ኣብ ዓራት እንከለዉ፡ ሞባይል ብፍጹም ክድርጎሎም ኣይግባእን። ብዘይካ'ዚ፡ ቴለቪዥን ብምውላዕ መዘሙር ወይ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ነገራት ክኽፈተ ኣይግባእን። ኣብዚ እዋን ወለዲ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ተግባር፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብቲ ህጻን ዘሕድር ምኻኑ ተገንዚቦም፡ ብኣጋኡ ክዕቅቡ ይግባእ።

ሎሚ-ሎሚ ወለዲ ዘደህብሉ፡ "ወደይ ዝ ሞባይል ይመልካ'ዩ፡ ከም ደላዩ'ዩ ዝዕብራ" ዝብሃል ጌጋ ርድኢት ከንጸብርቑ ይረኣዩ እዮም። እንተኾነ ሓደ ቆልዓ ሞባይል ስለ ዝመለኸ ዓቢ ነገር ኣይኮነን። ናይ ቀደም ቆልዓ ማዕረ ወለዱ ይጽሂ፡ ይሓርስን ኣብ ካልእ ንጥፈታት ይዋሳእን ነይሩ። ሎሚ ቆልዓ ዘዘተቐረበሉ ነገር ስለ ዝመለኸ ንፋዕ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ነቲ ዝምህዞ ዓቕሙ ብምድናቕ ክንድግፎ ዝግባእ እምበር፡ ሞባይል ወይ ታብለት ስለ ዝኸፈተን ዝዐጸወን ከርመናን ከደንቐናን ከም ዘይኮነ ክንግንዘብ ይግባእ።

ሕልምታትና ንምግሃድ



ኣብ ዘመን ዕምርና ብዙሓት ክንጭብጦም እናበሃግና ግና'ኸ ከየተግበርናዮም ኣብ ውሽጥና ተሰኪምና ዝተረፉ ሕልምታት ክህልዉና ይኽእሉ እዮም። በዚ ምኽንያት፡ ኑቶም ሕልምታት ዘይምፍጻምና ከም ድኽመት ገዛእ-ርእስና ቈጺርና ውሽጥና ዝሰቐቐና ክንደይ ኮን ንኸውን፧ ብዙሓት ከኣ ወግሐ-ጸብሐ ሕልሞም ንምፍጻም ብትግሃት ክጽዕሩ ይረኣዩ።

ስለዚ፡ ኩልና እኹል ዓቕምን ብቕዓትን ከም ዝተዓደልና ተረዲእና፡ ንዘጸንሐ ብሉይ ኣተሓሳስባና ብሓድሽ ኣተሓሳስባ ክንትክኦ ይግባእ። ከም ውጽኢቱ ኣተሓሳስባና ክንቕይርን ሓንቲ ስጉምቲ ንቕድሚት እንተ ኸይድናን፡ ህይወትና ብመንጽሩ ክልወጥ ክንዕዘቦ ኢና። ምናልባት፡ ቅድሚ ሕጂ ንሕና እቶም ምስ ግዳማዊ ዓለም እንራኸብ ምስቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓቀኛ መንነትና ከይተሳነና ክንገዓዝ ጸኒሕና ክንከውን ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ውሽጣዊ ድሌታትና ንምፍጻም ብዕቱብ ክንዓይይ ምስ ፈለምና ግን ዕጋበት ክንረኽብን ሰላማዊ ህይወት ክንመርሕን ንጅምር።

ነቲ ዝዓበየ ሕልምና ንምጭባጥ ግዴታ ኣይኮነን ብገዚፍ ዕማም ክንፍለም ዘለና። ከምቲ ንኣሽቱ ኣእማን ኣብ ርእሲ-ርእሲ ምስ ተኸደኑ ዓበይ ርሻን ዝህነጹ፡ ንኣሽቱ ተግባራት ድማ ዓበይ ውጽኢት ከም ዘሕፍሶም ክንፈልጥ ኣለና። ብድሕሪ'ዚ ሕልምና ካብ ምጭባጥ ዘዕግተና ሓይሊ ኣይክህሉን እዩ። ክንዮ ንኣሽቱ ሕልምታት ዓበይቲ ውጥን ክንሕንጽን ክንተግብርን ኣይንጸጋመን።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
09:00	ሃገራዊ መዝሙር
09:05	ኣርብክስ
09:30	ሃሎ ቆልዑ
10:05	ፓኖራማ
10:30	ጩራ ጥዕና
11:00	ለስ ስፖርት
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:55	ሱዳናዊት ፊልም 'ትም ምባል ስለዘመረጸ' 3ይ ክፋል
13:30	ዜና (ዓረብ)
13:50	መልሲ ኣብ ማሰመር
14:30	ናትራን
17:00	መሬትን ማይን ኣተበ.
17:35	ሳይዳ
18:40	ደረትቃና
20:00	ዜና (ትግረ)
20:13	ፊልም ሕደጋት
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ተክ ኢንሳይት
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	ድራማ
22:30	ዜና (እንግሊዝ)



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ትኩር ጓሳ

ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ መኑብሮኦም ኣብ ጉስነትን ሕርሻን እየ። ጥሪቶም ሐዘም ከኣ ናብ ርሑቕ በረኻታት ይሳግሙ። ከም ናይ ወትሩ ናብራኦም ኩቡቲ ሐዘም ምስ ሃይለ ዝተባህለ ወዶም ዝብላዕ ኣለዎ ናብ ዝበሉዎ ቦታ ተበገሱ። ጉዕዞኦም ክጅምሩ እንከለዉ ኣቡቲ ሓደ ኣድጊ ቁሩብ ሓሩጭን ከምኡ'ውን ኣብ ጃሎን ማይን ገለ ቀንጠመንጢን ጽዒኖም ነበሩ። ኑቲ ጉዕዞ ምስቲን ዝፈትዉወን ጥሪት ቀስ እናበሉ ተተሓሓዙዎ። እቲ ጉዕዞ ነዊሕን ኣድካምን ስለ ዝነበረ ኣብ መገዲ ክሓድሩ ይግደዱ ነበሩ።

ሃይለ ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ትኩር ቁልዓ እዩ። ቁምጣ ስረ ለቢሱ፡ ነታ ብመሸማዕ ዝተሰርሐት መትሓዚ ቀጫጪ ሳንጣኡ ተኾልኩሉ ደድሕሪ ኣቦኡ ይሰዕብ ነበረ። ኑቲን ዝሓዙወን መግቢ እናበልዉ ክልተ መዓልቲ ተጕዓዙ። ሊይቲ ክኸውን ከሎ ድማ ኣብ በረኻ ይሓድሩ ነበሩ። ሃይለ



ኩቡቲ ጉዕዞኦም ብዙሕ ነገር ይመሃር ነበረ።

ድሕሪ ናይ ክልተ ለይትን መዓልትን ኣድካሚ ጉዕዞ፡ ኣቦይ ተሰፋማርያም ድኻም ተሰመየም። ከዕርፉ ድማ ደለዩ። ኑቲ ኩብኦም ርሕቐ ኢሉ ዝነበረ ሃይለ ወዶም ከኣ ተዳሃዩዎ።

ሃይለ፡ ኩቡቲ ዝነበሮ ቀልጥፍ ቀልጥፍ እናበለ ናብ ኣቦኡ ቀረበ። ኣብ ቀድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ "እሂ ኣቦይ፡" በሎ ኑቲ ብድኻም ተደዊኑ ዝነበረ ገጽ ኣቦኡ እናጠመተ።

"ሃይለ ወደይ ኣነ ቁሩብ ደኺመ ስለ ዘለኹ ሓንሳእ ቀም ኩበል እዩ። ንስኻ ድማ ነዞን ጥሪት ተኸታተለን፡" በሉዎ ዓይኒ ዓይኒ ወዶም እናረኣዩ።

ሃይለ፡ "ሕራይ ኣቦ ብዘዕባ እዞን ጥሪት ኣይትሰክፍ፣ ንስኻ ቀሲንካ ኣዕርፍ። ኣነ እዚ በረኻ ፈትየዮ ስለ ዘለኹ ዘወርወር እናበልኩ ክሕልወን'የ፡" እናተዛረበ ኑቲ ኣብ ዙርያኡ ዝነበረ ጎቦ ብዓይኑ ፈተሾ። ኣብ ዓሚቑ ሩባ ስለ ዝነበሩ እቲ ዝነበሩዎ ኮብቢ ልመዕ ነበረ። ንኽትርእዮ ዝማርኾ ትርኢት ከኣ ነበሮ። ነዚ ትርኢት'ዚ ሃይለ ካብ ልቡ ፈተዎ።

"ሕራይ! እዚ ወደይ፡ ኣነ ንእሽቶ ቀም ኩበል እንድየ፡ ጽንሕ ኢልካ ኣተንስኣኒ። መሬት ከይዓረበ ክንብገስ" ኢሎም ኣብታ ዝነበሩዋ ኦም፡ ኣእማን ጸሪግም ሳንጣኣም ተተርኢሶም ደቀሱ። ምሒር ድኻም ስለ ዝነበሮም ከኣ ንእለቱ ድቃስ ወሰዶም።

ሃይለ፡ ኣብቲ ዝነበሩዎ ሩባ ኮለል እናበለ ኑቱን ጥሪት ክሕልወን ጀመረ። ቡቲ ዝነበረ ጥዑም ሃዋህው ሕጉስ ነበረ። እቲን ጥሪት ድማ ንሓድሕደን እናተጓነጻ ዝጻወታ ዝነበራ መሰላ።

ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ ኣብ ድቃስ እንከለዉ ክሕርገኹ ጀመሩ። ኣብ ጥዑም ድቃስ እንከለዉ ድማ ካብታ ዝነበሩዋ ኦም፡ ተመን ለመም እናበለ ክወርድ ጀመረ። እቲ ተመን፡ ሓደ ካብቶም መርዛማት ነበረ።

ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ ርእሶም ኣብቲ ኦም ኣጸጊያም ኣብ ጥዑም ድቃስ ነበሩ። እቲ ተመን ብመንኩቦም ኣቢሉ ኣብ ኮባቢ ኣፍ ልቦም በጽሐ። ኣቦይ ተሰፋማሪያም ኣይተሰመያምን። እቲ ተመን ካብ ኣፍ ልቦም ሓሊፉ ኣብ ኮባቢ ኩብዶም ወረደ። ቀጺሉ፡ ኣብ ኮባቢ ሰለፎም ለመም ክብል ጀመረ። ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ እቲ ተመን ኣብቲ ክዳን ዘይነበሮ ሰለፎም ምስ በጽሐ ስለ ዝተፈለጦም ብስንባደ ብድድ በሉ።

እቲ ኣብ ሰለፎም በጺሑ ዝነበረ ተመን ድማ ንእለቱ ነኽሶም። ቀጭ ምስ ኣበሎም ኑቲ ተመን ረኣዩዎ። ተቐላጢፎም ኑቲ ኣብ ጐድኖም ዝነበረ በትሮም ኣልዒሎም፡ ቡቲ በትሪ ኣትሪሮም ኣብ ርእሱ ሃረሙዎ። እቲ ተመን ጭራኡ ከንቀሳቕስ ጀመረ፣ ገለ ካልኢታት ድሕሪ ምንቅስቓስ ድማ ሞተ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እተን ጥሪት ደስ ኢሉወን ሳዕረ ማዕሪ ይብልዓ ነበራ። ቡቲ ዝነበራኣ ዝተፈስሃ ይመስላ። ገሊኣን ይዘላ፡ ገሊኣን ድማ ይግዕራ ነበራ።

ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ ቃንዛ ክሰምየም ጀመረ። ቡቲ ዘንሄም ኣዝዮም ሰንበዱ። ጥሜት ስለ ዝነበሮም ኑቲ ቃንዛ ክጻወሩዎ ኣይከኣሉን።

"ሃይለ... ዎ... ሃይለ፡" ዓው ኢሎም ንሃይለ ወዶም ጸውዑዎ።

ሃይለ፡ ቡቲ ትርኢት ናይቲ ኮባቢ ተመሲጡ ስለ ዝነበረ ናይ ኣቦኡ ጻውዒት ኣይሰምዖን።

ኣቦይ ተሰፋማርያም፡ መሊሶም ዓው ብምባል፡ "ዎ... ሃይለ ...ኣንታ ንኣኻ እንድየ፡" ሓይሎም ኣኻኺቦም ዓው ኢሎም ደጊሞም ጸውዑዎ።

ይቐጽል....

ጋሻ ተርሙማ

ምስ ጐኡ ርእሰኺ ኩተላልይና፧



ብመጀመርታ ስለቲ ዝተገብረለይ ዕድመ ኣቐዲመ ኣመሰግንኩ።

ሰላም ኪዳነ ወልዱ እብሃል። ከም ሓፈሻዊ ሓኪም ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ እሰርሕ፣ ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ሰሰ ጽሑፍ እሃፍ እየ፣ ክልተ ናይ ግጥሚ መጻሕፍቲ፡ ማለት Songs of Life እትብል ተመሃራት 5ይ ዓመት ሕክምና ከለኹ። The Strangeness of Caring እትብል መጽሓፍ ግጥሚ ድማ ኣብ 2024 ኣሕቲመ። ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ እዋን ሓመሽቲ ናይ ቁልዑ መጻሕፍቲ ናብ ኣንባቡቲ ኣቕሪበ።

ኣበርናት ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂርክ፧

ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ዳኒኤል ካምቦ መካእታን ማእከላይን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውት። ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሶማእታት ተማሂረ። ድሕሪ'ዚ ናይ 12 ትምህርቲ ንምኽትታል ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይክኣሉ ሳዋ ወሪደ። ኣብ ናይ መልቀቒ ፈተና ማትሪክ ምሉእ ነጥቢ ድሕሪ ምርኻብ ናብ ትምህርቲ ሕክምናን ሕክምና ሰንን ኦሮታ ተጸምቢረ፣ ብዓውዲ ሕክምና ድማ ተመረቐ።

ንተመሃሮ ዘኸውን መጻሕፍቲ ኣዳሊኺ ኣለኺ'ሞ ኣላልይና፧

እዞን ሓመሽቲ ንተመሃሮ (ቁልዑ) ዝተዳለዋ መጻሕፍቲ፣ መን እዩ ናብ ሓኪም ሰኪ ዝኸይድ፡ ቀያ ሌዊ ኣብ ሆስፒታል፡ ጉዕዞ ንዕማ ናብ ሆስፒታል፡ ናይ ሃና መጸርን ኣኪ ኣብቲ ጀርዲንን ዝብላ እዮን። ካብ ቀድሚ ቀድመ ትምህርቲ ክሳዕ መባእታ ዝርከቡ ተመሃሮ ድማ ክጥቀሙለን ይኽእሉ።



ጉዕዞ ናይዞን መጻሕፍቲ፡ ብምንባብ ማለት ብምንባብ ንቑልዑ ኣቢሉ እዩ ጀሚሩ። ራሄል ኣሰገዶም ናብ ተመሃሮ ተኽሊ መጺኣ ከንበበሉም ዕድመ ኣቐሪባትለይ። እቲ ተሞክሮ ስለ ዝጠዓመኒ ድማ ምስ ራሄል ኣብ ዝሓለፈ 4 ዓመታት ኑቲ ናይ ንቡብ ክለብ ኣብ ወለንታዊ ምእላይ እርከቡ። እዞን መጻሕፍቲ ቡዞም ዘንብብኩሉም ቁልዑ ዝተባህለ እዩ። ኑቲ ዘሎና ሕጽረት ንቑልዑ ዝተዳለዉ ጽሑፋት ብምርዳኡ እዚ ንእሽቶ ኣበርክኑ እዩ።

ትሕዝቶ ናይዞን መጻሕፍቲ ከተብርህልና፧

እዞን መጻሕፍቲ ናይ ሕክምና ቴማ ዘለዎ ናብ ቁልዑ ዝቑንዓ መጻሕፍቲ እዮን። ኣተኩሮ ናይዞን መጻሕፍቲ፣

- ዝሓመመ፡ ከምኡውን ጥዑያት ቁልዑ ሓኪም ክረኣዩ ይኸዱ እየም። ምንባብ ከምዚ ዓይነት መጽሓፍቲ ንቑልዑ ፍርሒ ናብ ሓኪም ምኻድ የጉድል እዩ።
- ሓደ ኣቐዲሙ እንታይ ከም ዘሎ እንታይ ከም ዝግበርን ዝፈልጥ ቁልዓ ኣብቲ መሰርሕ ሕክምና ክትሓጋገዝ ይኽእል። እቲ መሰርሕ ፍውሰ ብኽያትን ቃልሰን ዘይብሉ ንሓኪምን ንቑልዓን ብዘሓሸ መገዲ ክኾደድ ይኽእል። ማለት። ቁልዑ ኣብ ክንዲ ዓቕሚ ዘይብሉም ድኾማት ዝኾኑ፡ ኣብቲ ምሕዋይ መሰርሕ ንጠፋት ተሳተፍቲ ክኾኑ ይሕግዘ።

ብዘንበየ ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ሕብረተ ሰብና ብዘዕባ ሕክምና ዘሎ ሰሙተረት ወይ ጌጋ ትረኻ ይቕይደሮ። ዝበዝሑ ቁልዑ፡ ኣብ ቤት፡ ሰሙርዓት ምእንቲ ክንብሩ፡ ሓኪም መርፍእ ክወግኣካ እዩ፡ እናተባህሉ ይዓቡዩ። ሓኪም ከም መፍርህን መፈራርህን ፍጥረት ጌርካ ምቕራብ ቁልዑ ናብ ሕክምና ኣብ ዝኾዱሉ እዋን ሸሞር ይፈጥር እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሰእለ ኣእምሮ ናይዞም ቁልዑ ሓኪም ሓጋዚ ዘይተሰለ ዝነድኦም ኮይኑ ይርኣየም። ቁልዑ ኣብ ዘይፈልጡዎ፡ ብዙሕ ሓደስቲ ነገራት ኣብ ዘለዎ ቦታ ማለት ሆስፒታል ምስ ሓደስቲ ኢጋይሽ ማለት ሓካይምን ነርሳትን፡ ሓደስቲ ሰግኒጠር ዝኾኑ መሳርሒ ሕክምና ከም መሰምሚ ልቢን ሰሪንጋን ዝሸምየም ዝተፈላለዩ ሓደስቲ ሰምዒታት ከም ፍርሒ፡ ራዕዲ፡ ምርባሽ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት መጻሕፍቲ ቁልዑ ኑቲ ዘይተፈልጠ ነገር ክፈልጡ፣ ንዘይተለምደ ነገር'ውን ክርድኡ ይሕግዘ።

ተመሃሮ ፍቕሪ ንቡብ ንኽሕድሩ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፧

ከንበቡ ኣለዎም። ፍቕሪ ንቡብ ብምንባብ ዝጅምርን ቀስ ኢሉ ናብ ፍቕሪ ዝዓብየን እዩ። መገዲ ምምዕባል ልምዲ ንቡብ ኣብ ቤት እዩ ዝጅምር። ተመሃሮ ፍቕሪ ንቡብ ክሕድሩ ሓገዝ ወለዲ ኣገዳሲ እዩ። ማለት ቁልዑ ናይ ንቡብ ባህሊ ኣብ ቤቶም ካብ ዘንበቡ ሰድራ ዝምሃሩዎ ነገር እዩ። ንቑልዑ መጻሕፍቲ ምሃዝን ኣንበቡ ምባልን ጥራይ እኹል ኣይኮነን፣ ባዕልኻ ምንባብ፡ ከምኡውን ዓው ኢልካ ንደቅኻ ምንባብ ኣገዳሲ እዩ። ወለዲ ንደቆም ካብ ንኣሽቱኦም ኣትሒዞም ከንበቡሎም ይግባእ። ስለዚ፡ ወለዲ መዓልታዊ 10 ደቒቕ ንደቅና ከነንበቡሎምን ምስኦም ግዜ ከንሕልፍን ኣለና።

ካብ ተመኩሮኺ፡ ተመሃሮ ቋንቋ እንግሊዝ ክመልኩ እንታይ ክገብሩ ትምዕድየዎ፧

ቋንቋ ምምሃር ጻዕሪን ዲሲፕሊንን ይሓትት እዩ። ኣብ ምምላኽ ቋንቋ'ውን ምንባብ ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ንኣብኦት ገለ መገድታት መጻሕፍቲ ብቋንቋ እንግሊዝ ኣንቢቦም ብዘዕባ ዘንበብዎዮ ጽማቹ ምጽሓፍ። ኑቲ ቋንቋ ምስማዕ ምስ ካልኦት ቡቲ ቋንቋ ምዝራብ ከምኡ'ውን ዘንበብዎዮም ዘይተፈልጦም ሓደስቲ ቃላት መዘገብ ቃላት ትርጉም ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ ከኣ ቡዞም ሓደስቲ ቃላት ክንዝረብን ክንጽሕፍን ኣብ ምምላኽ ቋንቋ ሓጋዚ እዩ።

ንተመሃሮ እንታይ መልእኽቲ ኣለክ፧

ተመሃሮ፡ ተብላሓትቲ፡ ሓተትቲ፡ ተመራመርቲ፡ ... ወለዶ ንኽትትኡ ኣንበቡ፣ ንወለድኹም ከኣ መዓልታዊ ዓው ኢልኩም ኣንበቡልና በሉዎም፡ ክብሎም እደለ።

የቐንየልና!

ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ምስ ዝልቀብ ጸጉሪ፡ ዝልቀብ ጸገማት

ሚርያም ዮሴፍ

ሎሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጣሚታት፡ 'ነዊሕ ቁመት' ዘለዎ፡ ሂሪ ዝመስል ጸጉሪ ዝውንና ደቂ ኣንስትዮ ምርኣይ ግሩን ኮይኑ ኣሎ። ቆርጫጭ ወይ ሓጺር ጸጉሪ ምርኣይ ዳርጋ እናሃሰሰ ከይዱ። ዝኸፈልና ከፊልና፡ ምስ ባህርያዊ ጸጉርና ዝመሳሰል፡ ነዊሕ፡ ብዙሕ፡ ወዘ ዘለዎ፡ ዝልቀብ ጸጉሪ ዘይውትር ደቂ ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን። ብዓይንኻ ጥራይ ርኢኻ፡ ኣየናይ እዩ ናይ ዕዳጋ ጸጉሪ፡ ኣየናይ'ዩ ተፈጥሮኣዊውን ዳርጋ ክትፈልዮ ኣጸጋሚን እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ብዝተፈላለዩ ስያመታት ወይ ብራንድ፡ ኣብ ዕዳጋ እንረኽቦ ዝልቀብ ጸጉሪ ገለኡ ካብ ናይ ሰብ ጸጉሪ ዝተወሰደ ብልምዲ ሀማን ሀየር (human hair) ተባሂሉ ዝፍለጥ ክኸውን እንከሎ፡ ገለኡ ድማ ንጸጉርና ዝመሳሰል ሰብ ዝሰርሖ ወይ ኣርተፊሻል ጸጉሪ እዩ።

እዚ ኣብ ዕዳጋ ጽኑዕ እናተባህለ ብኣዝዩ ክቡር ዋጋ ዝሽየጥ ጸጉሪ፡ ማዕረ ማዕረ እቲ ንግዱ ዝውሰኽ ማዕሮግን ጸገማትን ዘለዎ ሳዕቤናት ግን ዝዝረበሉ ኣይኮነን። ነቲ ናብ ዕዳጋ ክወርድ ከሎ ዝሃልዎ መልክዕ ንምትሓዝ ዝሓልፎ መስርሕ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ካብ ዕዳጋ ገዚእና እንልግቦ ጸጉሪ ካበይ ዝመጽአ እዩ፧ እንታይ መስርሕ ይሓልፍ፧ እንታይ ዓይነት ንጥዕናና ጉድኣት ዝኾኑ ኬሚካላት ይሓልፉ፧ ወዘተ ዝብል ነጥብታት ብዕምቆት ምርኣይ እምበኣር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



እዚ ኣብ ዕዳጋ እንረኽቦ ዝልቀብ ናይ ሰብ ጸጉሪ ወይ ሀማን ሄር፡ ዝበዝሐ ምንጩ ካብ ሃገራት ኤስያ እዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤስያ ናብ ቤት መቕደሳት ወይ ሃይማኖታዊ ቦታታት ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፡ ደቂ ኣንስትዮ ኮነ ነዊሕ ጸጉሪ ርእሲ ዝውንኑ ደቂ ተባዕትዮ፡ ነቲ ጸጉሮም ካብ ስሩ ቀሪጾም፡ ከም ገጸ በረኸት ይህቡ። ኣብቲ ቦታታት ንዝመጽአ በጻሒ ጸጉሩ ብቕልጡፍ ቀሪጾም ዝዓልዉ ክኢላታት ድማ ኣለዉ። እዚ ኣብ ቤት መቕደሳት ዝተኣከበ ጸጉሪ ድማ ድሒሩ ናብተን ናይ ሰብ ጸጉሪ ዝምስርሓ ትካላት ብኽቡር ዋጋ ይሽየጥ።

እቲ ካልኣይን ኣሰንባድን ምንጪ፡ ካብ ትካላት መስተኻኸሊ ጸጉሪ ርእሲ (እንዳ ቖምቓማይ) ወይ ድማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ትካላት ስነ ጽባቐ ጸጉሪ (እንዳ መሻጢት) ዝተኣከበ እዩ። እዚ ኣብ መመሻጥ ዝተረፈ፡ ተቖሪጹ ዝተኣከበ፡ ካብ መሬት ዝተኻሽተረ ጸጉሪ ናብ እንዳ ጉሓፍ ዘይኸይድ፡ ኣብ ጥሩታት ተዓሺጉ ናብተን ጸጉሪ ዝምስርሓ ዓበይቲ ትካላት እዩ ዝሽየጥ።



እቲ ኣብ ኢደና ዝጸንሕ እንዕደጎ ናይ ሰብ ጸጉሪ፡ ብኢደና ክንደህሶ ከለና ኣዝዩ ፈኩስ፥ ረዚን፡ ንዓይንኻ ድማ ደስ ዝብል ትርኢት ዘለዎ እዩ። እዚ ካብ ቤት መቕደሳትን ዝተፈላለዩ ትካላትን ዝተኣከበ ጸጉሪ እምበኣር ብኸመይ ኣገባብ እዩ ናብቲ ንኸትርእዮ ተበሃጊ ዝኾነ ዓይነት ጸጉሪ ዝሰጋገር ዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ እዩ።

እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝተኣከበ ናይ ሰብ ጸጉሪ፡ ናይ ምምማይ መስርሕ ንኽሓልፍ፡ ብዙሕ ናይ ሰብ ጉልበት ዝጠልብ ስራሕ እዩ። ናብ ከም ብዓል ምያንማርን ባንግላደሽን ዝኣመሰላ ብዙሕ ሕሱር ናይ ሰብ ጉልበት ዝጥቀማ ሃገራት ተላኢኹ ናይ ምምማይ መስርሕ ይግበረሉ። ነቲ ተዓኪሉ ምስ ርስሓቱ ዝመጽአ፡ ዝተፈላለየ ቀመትን ዓይነትን ዘለዎ ጸጉሪ ሓደ ብሓደ እናተፈልየ በብቑመቱ፡ ማለት ሓጺር፡ ማእከላይ፡ ነዊሕ፡ ብምባል ይፈላለ። እዚ ብዙሕ ዓያዪ ዓቕሚ ኣዝዩ ነዊሕ ሰዓታትን ዝወስድ ስራሕ ኮይኑ፡ ንሓደ ጥማር ጸጉሪ ንምፍልላይ ክሳብ 80 ሰዓታት ዝወስድ ኣህላኺ ስራሕ እዩ። ክሳብ እዚ መስርሕ እዚ ዝውዳእ እቲ ጸጉሪ ኣይሕጸብን እዩ። ምኽንያቱ፡ ምስ ተሓጽበ ዝያዳ ክጠናነን ንምስርሑ ኣሸጋሪ ስለ ዝኸውን፡ ዝኾነ ጠሊ. ክትኽእል የብሉን። እዚ ቀዳማይ መስርሕ ምስ ሓለፈ ድማ ናብተን ናይ ሰብ ጸጉሪ ዝምስርሓ ዓበይቲ ትካላት ዳግማይ ይልኣኽ።



ኣብ ዓለም ዝበዝሐ ዝልቀብ ናይ ሰብ ጸጉሪ እተፍሪ ሃገር፡ ቻይና እያ። ኣብ ዕዳጋታት ብልምዲ ናይ ብራዚል፡ ናይ ጥሊያን፡ ናይ ቱርኪ. እናተባህለ ንኽብሪ ናይ ዋጋታት መመላሱ ክብ ዘብል ብራንድ ወይ ስያመታት ኣለዉ። እዚ ግን ዝያዳ ተጠለብቲ ንምርካብ ዝዓለመ ናይ ዕዳጋ ሜላታት እንተ ዘይኮይኑ፡ እቲ 99% ኣብ ዓለማዊ ዕዳጋ ዘሎ ዝልቀብ ጸጉሪ ኣብ ሃገረ ቻይና ዝፈሪ እዩ።

ኣብዘን ፋብሪካታት ምስ በጽሐ እቲ ኹሉ ምስ ርስሓቱ ዘሎ ዝተኣከበ ጸጉሪ ሕጂውን ብማይ ኣይሕጸብን እዩ። ካብ ዝተፈላለየ ሰብ ዝተኣከበ ዘይቲ፡ ፎሮፎርን ካልእ ርስሓትን ሒዙ ዝመጽእ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ንምጽራይ ኣብ ኣሲድ ናይ ምእላኽ መስርሕ ይኣቱ። ኣብዚ መስርሕ ሳልፈሪክ ኣሲድ ወይ ሃይድሮ ክሎሪክ ኣሲድ ዝበሃሉ ኬሚካላት ብምጥቃም ነቲ ርስሓት ከም ዝጸሪ ይግበር። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ እቲ ኩቲክል ዝበሃል ቀዳማይ ቀጸላ ናይቲ ተፈጥሮኣዊ ጸጉሪ ከም ዝእለ ይግበር። እዚ ቀጸላ እዚ ምስ ዝእለ ምስቲ ድሒሩ ዝሕወስ ኬሚካላት ተደሚሩ፡ ከይተጠናነገ ክሕጸብን ብዝተደጋገሚ ድማ ኣብ መዓላ ከም ዝውዕልን ይገብሮ።

ባህርያዊ ጥቕሚ ወይ ተራ ናይ ኩቲክል፡ ንጸጉርና ጽቡቕ ትርኢት ከም ዝህልዎ ዝገብር ኣገዳሲ ክፋል ናይ ጸጉርና እዩ። ኩቲክል ብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ናይ ኣሲድ መስርሕ ምስ ዝእለ፡ እቲ ጸጉሪ ፈሲሞን ወዘ ዘይብሉን እዩ ዝኸውን። እቲ ካብ ዕዳጋ እንሽምቶ ተበሃጊ ትርኢት ዘለዎ ጸጉሪ ንምግባር እምበኣር ዳግማይ ካልእ መስርሕ ይሓልፍ።

ኣብ ከም ብዓል ሰንተቲክ ፖሊመርስ፡ ሰሊኮን፡ ፖሊስቲታይዘርስ፡ ዳይ ሙቲኖን ወዘተ ዝኣመሰሉ ኬሚካላት ኣትዩ ንባህርያዊ ጸጉርና ዝመስል ኣዝዩ ወዘ ዘለዎን ዘንጸባርቕን ኮይኑ ዳግማይ ይምስራሕ።

ብዘወሳኺ፡ ገለ ካብቲ ንገዝኦ ናይ ሰብ ጸጉሪ ንምርጫታት ናይ ተጠቀምቲ ምርካብ ብምግባር፡ ዝተፈላለየ ሕብርታት ዘለዎ እዩ። እዚ ሕብሪ እዚ ንምልካይ ድማ ካልእ ኬሚካላት ዝጠልብ መስርሕ እዩ። ብቐንዱ እቲ ተፈጥሮኣዊ ሕብሪ ናይቲ ኣብ ፋብሪካ ዝምስራሕ ዘሎ ጸጉሪ ኣብ ከም ብዓል ኣሞንያ፣ ሃይድሮ ፐርክሳይድ፡ . . . ዝተባህሉ ኬሚካላት ብምእላኽ ከም ዝጸሊ ይግበር፡ ድሒሩ ድማ እቲ ክልኡ ተደልዩ ዘሎ ሕብሪ ናይቲ ጸጉሪ ይልከ። እዚ ኣብ እንዕደጎም ዓይነት ጸጉርታት ዘሎ ሕብሪ ሓንሳብ ምስ ተጠቐምናሉ ከይበለል ተባሂሉ ካብቶም ነበርቲ ሕብርታት (permanent dyes) ዝበሃሉ፡ ብቐሊሉ ዘይሃስሱ ቀለማት ከም ዝልከ እዩ ዝግበር። እዚ ኣብዚ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጭኡታታት ድማ ዳርጋ ኩሎም ንጥዕና ጉድኣት ዝኾኑ ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም።

ኣብ ለካቲት 2026፡ ብ ቢቢሲ. ኢንቨስቲጌሽን ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ሓደ ጥማር ዝልቀብ ናይ ሰብ ጸጉሪ ክሳብ 169 ዘርኡ ንጥዕናና ጉድኣት ዝኾኑ ኬሚካላት ኣለዉ። እዚ ኣብ 43 ናይ ሰብ ጸጉሪ ዝሸጣ ዓበይቲ ትካላት ዝተገበረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ፍርያት ናይተን 41 ትካላት ዝተረኽበ ሓደገኛ ጭኡታታት እዩ። እዞም ጭኡታታት እዚኦም ናብ ዝተፈላለዩ ናይ መንሽሮ ሕማማት ዘቃልዑ ምኽንያም እዮም ዝበሃሉ። ምስ ወለድ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት፡ ናይ ጡብ መንሽሮ ወዘተ ድማ ገለ ካብቶም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከውርድዎ ዝኽእሉ ሳዕቤናት እዩ።

ነዚ ፍርያት እዚ ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ፡ ኣብ ጸጉርና ካብ ክልተ ሰሙን ንላዕሊ ወይ'ውን ክሳብ ገለ ኣዋርሕ ምሳና ክጸንሕ ኢና ንገዝኦ። እዚ ጸጉሪ ኣብ ንልግበሉ እዋን ኣብ ከበቢ ክሳድና፡ ኣእዛንና፡ ግዜ ምስ ወሰደ ድማ ኣብ መላእ ርእስና ሰላ ናይ ምምጻእ፡ ናይ ምቕያሕ፡ ደቀቕቲ ዕንፍሩር ናይ ምምጋር ባህርያት ኣለዎ። እዚ ሰላ፥ እቲ ጸጉሪ ዘይናትና ካብ ምኻኑ ዝብገስ ጥራይ ኣይኮነን፡ ብቐንዱ ካብቶም ኣብቲ ጸጉሪ ዘለዉ ኬሚካላት ዝመጽእ ቁጥዐ ኣካላት (Allergy) እዩ። ኣብቲ ኣብ ርእስና ዝጸንሓሉ ግዜ ካብቲ ተሰሪናዮ ወይ ኣልጊብናዮ ዘለና ጸጉሪ ዝወጽእ ኬሚካላት ብርሃጽና ኣቢሉ ብመናፍት ቆርበትና ተመጺዩ ናብ ስርዓተ ደምና ይሕወስ። ካብቲ ኣብ ቆርበትና ዝስዕብ ተራ ዝመስል ሰላ ጀሚርና ክሳብ እቲ ሳዕቤኑ ቀልጢፉ ክስዕብ ዘይክእል ጥዕናዊ ጸገማት ድማ ይህልዉ።

ብዘወሳኺ፡ እዚ ጸጉሪ ኣልጊብና ከለና፡ መሊስና ብሓፈሻ ኣብ እንምሽጠሉ ግዜ'ውን እቲ ጸጉሪ ረሲኑ ምስ ረሰነ እቶም ኣብቲ ጸጉሪ ዘለዉ ኬሚካላት ምስቲ ዝወጽእ ትኪ ኣብሎም ንደገ ይወጽኡ። እዞም ኬሚካላት ኣብ እነስተንፍሰሉ ግዜ ድማ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ኣትዮም ኣብ ጥዕናና ጸገማት ይፈጥሩ። እቲ ዘለናዮ ክፍሊ እኹል ንፋስ ዘይብሉ ምስ ዝኸውን ብዘወሳኺ፡ ከም'ውን መሸፈኒ ኣፍንጫ ኣብ ዘይንጥቀመሉ ግዜ ነቲ ሳዕቤኑ መሊሱ የጋድዶ።

ካልእ፥ እቲ ኣብ ባህርያዊ ጸጉርና ለጊቡ ዘሎ ናይ ዕዳጋ ጸጉሪ ንነውሕ ዝበለ እዋን ምሳና ክጸንሕ ከሎ፡ ንመናፍት ቆርበትና ብዝግባእ ኣየር ከይረኽብ ስለ ዝዓብሶ፡ ንባክተርያን ፋንጋስን ምቹእ ኩነታት ይፈጥር። ናብ ፎሮፎርን ካልእ ናይ ቆርበት ሕማማትን ከቃልዓና ድማ ይኽእል። እቲ ዝልግብ ጸጉሪ ናይ ገዛእ ርእሱ ክብደት ስለ ዘለዎ፡ ብተደጋጋሚ ምስ እንጥቀመሉ ነቲ ባህርያዊ ጸጉርና ካብ ሱሩ ብምስሓብ፡ ትራክሽን ኣሎፔሽያ ወይ ክንመልሶ ዘይንኽእል ብርሒ ክስዕብ ይኽእል።



ብሓፈሻ፡ ሎሚ ኣብ ቅዲ ህይወትና እነተኣታትዎም ኩሉም ዓይነት ንጥፈታት ኮነ እንዕድጎም ኣቑሑ፡ ኣብ ጥዕናና ዘለዎም ሳዕቤናት ብዕምቆት ተገንዚብና ክንጥቀመሎም ኣድላዪ እዩ። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጸጉርና፡ ቆርበትና፡ ገጽና ወዘተ እንጥቀመሎም ኬሚካላት ገንዘብ ንምኽሳብ ተባሂሉ፡ ኣብ መወዳእታኦም ዘኸትልዎ ጉድኣዊ ሳዕቤን የለን። ስለዚ፡ ክንጥቀመሎም ከለና ብንቕሓት ክንገብሮም፡ ናይቲ ንዕድጎ ዘለና ፍርያት ምሉእ ሓበሬታ ክህልወና፡ መዓስን ብኸመይን ንጥቀመሉ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ከም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጥዕናና ብሓፈሻ ኣብ ፍርያምነት ከኣ ብፍላይ ዘስዕቦ ዘሎ ጸገማት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝያዳ ንቕሓትና ክነበርኽ የድሊ።



ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ሻምፕዮን ባድሜንተን ዞባ ማእከል 2026



ናይ 2026 ሻምፕዮን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ኣብ ጅማናዞም ሃ/መ/ተኤ ብበዘፈለዩ ጸወታታት ተኻይዱ።

እዚ ዓመታዊ ውድድር፡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ዕድመ ገጽል ጸወታታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ነፀኡ'ውን ኣብ ትሕቲን ልዕሊን 19 ዓመት ዕድመ ገጽል፡ ድርብን ሕውሰቦታን ጸወታታት ዝሓቖፈ እዩ።

ብዝወሃበ፡ ኣብ ውድድር ባድሚንተን ኣህል ሰኽላን ኣብ ደው ኢሉም ዝወዳደሩ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ነፀኡ'ውን ኣብ ዒረብያ መሽርኽር ኮይኖም ገጺወቡ፡ ደቂ ተባዕትዮን ዝኸተፉ እዮ።

እዚ ንኢሊታት ኣርባዕተ ቀዳመ ሰንበት ዝቐጸል ውድድር፡ ኣብ ዝሓለፉ መዳልታት ኣብ ዙዩዶ ሜሞሻ፡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት (ደ/ኣን) ሄሸን ብርሃ ንኤልሃና ኢየኪ፡ ደኅብ የናስ ኤሊና ዘርኣናይ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዳዊት እሸንደር ንናህ ብርሃ ብዙኽ ዳንኤል ንዘ. የናስ ብዘመሳህለ. 2ብ0 ሰዒርሞምሄ።

ኣብ ትሕቲ 19 ዓመት (ደ/ኣን) ሪንያ ገብረትኽኤ ንሜሃር ኤፍረም፡ ሓዲት ኢብራሂም ንኣርያም መድሃኔ ሲና ተኽሁነይ ንሜርያም ተኾለ፡ ሚርያም መሓመድብርሃን ንሜሃር ኤፍረም ብዘመሳህለ. 2ብ0 ሰዒርንኣን።

ኣብ ልዕሊ. 19 ዓመት ከኣ፡ ንያት ኣሰመርም ንሜሪ ኢብራሂም፡ የርዳናስ ዕቑዮሚኤል ንሜክዳ ብርሃ ሂርሜል ኢሰቐ ንሜሪ ኢብራሂም፡ ዳናይት ፍጹም ንሜክዳ ብርሃ ኤሊና ከሱ፡ ንኒያት ኣሰመርም ንያት ኣሰመርም ንዘርሜል ኢሰቐ፡ ሊንዳ ከሱ፡ ንኖሮን ወልድኣብ፡ ዳናይት ቢንያም ንኤሊና ከሱ፡ ብዘመሳህለ. 2ብ0፡ ነፀኡ'ውን ሳሮን ወልድኣብ ንዳናይት ፍጹም 2ብ1 ሰዒረንኣን።

እዚ ውድድር፡ ሰሚ ቀዳም'ውን ብውድድራት ትሕቲ 15 ዓመት ናይ ገጽል፡ ናይ ትሕቲን ልዕሊን 19 ዓመት ብገጽል ድርብን ሕውሰቦታን ቀጺሉ ክወሰል ምኳኑ ክፍለጥ እኽሎ። ብዘወሃበ. ናይ ኣህል ሰኽላን ውድድራት ክቶደድ እዩ።

ካናሪ፡ ካብ ኦሎምፒክ መንእሰያት ናብ ኦሎምፒክ . . .

ኤርትራዊት ኣትሌት ካናሪ ተኽለሞርያም ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ናይ 2026 ውድድር ኦሎምፒክ መንእሰያት፡ ኣብ 1500 ሜትሮ ሳልሰይቲ ብምኣታው፡ ኑሓስ መዳልያ ምምጽኣ ይዝከር።

እዛ ጋል 16 ዓመት ኣትሌት፡ ሓንቲ ካብዞን ናይዚ እዋን ትሰፉዋት ኣትሊታት ሃገርና ኢዩ። ኣብ ቀጻሊ ዕድመን ተመሳሰርን ምስ ደለቡ ድሜ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ዓበይቲ ዓወታት ከተምጽእ ገጽበያ ኣትሌት እያ - በዚ ሕጂ ኣርኢዮቶ ዘለ ትሰፉው ብቐዳንን ረገጸቶ ዘለ ሓዲድ ዓወትን።



ኤርትራ፡ ኣብ ኦሎምፒክ መንእሰያት (Youth Olympic) ብደቂ ኣንስትዮ መዳልያ ኣምጺኣ ኣይትፈልጥን እያ፡ ካናሪ ድሜ ናይ መጀመሪያ ጋል ኣንስትይቲ ዕውትቲ መዳልያ" ኮይና ኣሎ።

እዛ ኣትሌት፡ ክሸዓዚ ናይ መንእሰያት ውድድር ከኣ፡ ኣብቲ ኣብ ሃንኒ ወሰፍ ኣርባዕተ ዓመታት ዝሸነፈል ሓዲ ካብዞም ዝሃበዩ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝኾነ ማሞቻ ኦሎምፒኽ መዳልያ ከተምጽእ ትጽቢት ይግበረሎ። ኣብ ዝቐጸል ጉዕዛ'ውን ዓወት ንምጽዋ።

ኣብዚ ውድድር'ውን ዛቢት ብደቂ ኣንስትዮ መዳልያ ኣይመጽኑን ዘኸ፡ እታ እኽ መዳልያ ናይ ኤርትራ ኦሎምፒካዊ ጎደዋ ዘርኣናይ ታደሰ ኣብ 2004 ኣብ ግሪኽ ከተማ ኣቴንስ ኣብ 10 ሽኣ ሜትሮ ሳልሰይ ብምውጻኣ ዘእተልጠለ ኑሓስ መዳልያ እዩ።

ፖቸቲኖ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ኮይኑ

ፈርናንደዝ፡ ሕቶ ጋንታኡ ነዚጉ

ማውረሽዮ ፖቸቲኖ፡ ብናይ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ውዕል ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ማኞቨስተር ዩናይትድ ከይኑ ተመዚዙ።

ሓመሰ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ንዓለማኣ ሚዲኣል ካርክ ዘየረታ ማን ዩናይትድ፡ ንፖቸቲኖ ንምፍራም፡ ንዝገደፍዎ ጋንታ ኣመሪቱ መፍረሲ ውዕል ክነፋፍላ ተቐሰባ ኣሎ።

ፖቸቲኖ፡ ሎሚ ቀዳምን ዝመጽኣ ሰሉስን፡ ንዝገደፍዎ ጋንታ ኣመሪቱ መረሐ፡ ናይ መወዳኢታ ግጥሙ ከሰላልል እዩ። ናብ እንግሊዝ ብምቐናዕ ድሜ መዘኩት ምዕቀም ዩናይትድ ክቐብል እዩ። ሰሰብ 22 ሕዳር ኮኣ ብብድ ጸወታ ክፍልም እዩ - ንኒቨርፑል ብምግጣሙ።

ፖቸቲኖ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንኦወብዘምፕተን፡ ቶተንሃም ቸልሲን ዘልልጠን ተመሳሰርዩ ናይቲ ሊግ ዘለዎን ዓሚቒ እዩ።

እዚ ነፀዚኡ እኽሊ ፖርቱጋላዊ ተጻዋታይ - ብሩኖ ፈርናንደዙ ብክለቡ ማኞቨስተር ዩናይትድ ንነቐረብኩ ውዕል ናይ ምሕዳስ ሕቶ ንልኢይ ግዚኡ ሂቑዎ።

እዚ ኣህፋሉ፡ ኣቐዲሙ ዝፈረሞ ውዕሉ ኣብ ሰ/ 2027 ዘብቅዕን ብሓደ ዓመት ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዝሕርን እዩ።

ማን ዩናይትድ፡ ውዕል ናይዚ ወዲ 32 ዓመት ሓለቓኣ ከተናውሖ፡ ካብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ጀሚሩ፡ ምስ ወኪልቱ ተዘራሪብ እዩ። እዝ ክሳቡ ቀድሚ ወርሒ. ጥሪ እዩ፡ ሓዲሽ ውዕል ከተፈርሞ ሰራሑ።

ምኽንያቱ ድሕሪ'ቲ ወርሒ. ዝተርፎ ናይ ሽዓሽተ ኣዋርሕ ውዕል ጥሪይ ብምኻኑ፡ ምስ ደስ ዝበሎ ክሳብ ክዘራረብ ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር፡ ነፀ ጸብጸብ ጋዜጣ በበሰ፡ ፈርናንደዙ ዝ. ብክለቡ ገቐረበሉ ሓዲሽ ውዕሉ ንልኢይ ግዚኡ ሂግዎ ኣሎ።

ዲዘርቢ፡ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ዝበለጸ ዓላሚ ተባሂሉ

ጃክሰን፡ ናይ ፈለማ . . .

ኣሰልጣኒ ቶተንሃም - ርገርቶ ዲዘርቢ፡ ናይ ወርሒ. ሕዳር ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ተባሂሉ።


ዲዘርቢ፡ ኣብቲ ወርሒ. ካብ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥምታ፡ ሰሰስተ ክሰወትን ሓንቲ ማእረን ክወጽኣ ክኢሉ። ነታ ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ ምስትን ንታሕቲ ዝወረዳ ክለባት ዝበረት ክሰቡ ድሜ ትንፋስ ክሸሽዎ ክኢሉ።

ነፀ ወጽኢቱ ዝ ወርሓዊት ኣትሰይል ሽልማት፡ ንፊለማ ሚዜ ክሰወተላ ክኢሉ። ናይ መጀመሪያ ዓለሚ ቶተንሃም'ውን ኮይኑ - ድሕሪ ናይ ቀድም ዓለሚ ቶተንሃም ኣንጀ ፖስቶችስ፡ ካብ ኑሓስ ክሰብ ጥቅምቲ 2023 ኣህጉቲኡ ዝ ሽልማት ምህዋቱ።

ናይቲ ወርሒ ዝበለጸ ተጻዋታይ፡ ኣጥቃዓይ ኣስቶን ቪላ - ጄኳስ ጃክሰን ተባሂሉ። ዝ ሽልማት ንመጀመሪያ ግዜኡ ዝተዓወተላ ጃክሰን፡ ኣብቲ ወርሒ. ኣብ ኣርባዕተ ግጥምታት ኣቐጺሩ።

ብዘይነዘ፡ ተጻዋታይ ብራይተን ዲዮን ጎመዙ ኣብ ልዕሊ. ክረስታል ፓላስ ዘቐጸራ ሹት፡ ናይቲ ወርሒ. ዝበለጸት ተባሂሉ። እዚ ፓሪጓዮዊ ኣህፋሉ፡ ካብ 51.3 ሜትሮ ቀሊው እዩ ልዕሊ. ሓለዋ ልዮት ኣስሊፉ ኣቐጺሩ።

ሓለዋ ልዮት ቸልሲ - ማይክ ፕንደርኔ ኣብቲ ንምን ዩናይትድ 2ብ0 ዝሃዱሉ ጸወታ፡ ንፈተነ ብራያን እምብሞ ተመጣጠሩ ብምድሓኑ ሽልማት 'ዝበለጸት ምድሓን' ተዋህቱሎ።



ፖርቱጋል፡ ኩሉም ተጻወትታ ቁጽሪ 7 ክለብሱ እየም



ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል፡ ሎሚ ቀዳም ንደሚገጥሕ ዓዲማ ኣብ ኣተኳደዶ ናይ ሄሸኽ ሊግ ጸወታ፡ ተጻወትታ ቁጽሪ 7 ማልያ ለበሰም ናብ ሜዳ ክኣትዋ ምኳናም ተሓቢሩ።

እዚ ገሸኹሉ ዘሎ ምኽንያት፡ ኽረስቲያኖ ሮናልዶ ክብሪ ንምሃብ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ከነሱ እግሪ ሓደ ካብየም ገዘአዉ ተጻወትቲ ምኳኑ ገሃለጸ ክረስቲያኖ ሮናልዶ ንኣህታት 20 ዓመታት ዝ ማልያ ከቑቋረጽ ከምዘለዎ ይፍለጥ። እዚ ወዲ 41 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሜኽ፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብሉ ካብ ኣህጉራዊ ማሞኞት ጥሮታ ምወጽኡ ኣፍሊጡ እዩ።

ፊደረሽን ከነሱ እግሪ ፖርቱጋል፡ ሮናልዶ ዓበ. ናይ ምፍናው ክብሪ ከምዝዎነኦን ናይ ምፍናው ሰዒ ስርዓት ክኽይዶሉ መደብ ከምዝለመንኻ ኣብቲ እዋን እንተሓብሩ ዛቢት ሓሱብ ሮናልዶ እንታይ ምኳኑ ኣይተፈልጠን።

ሰሚ ሜኽ፡ ብኡፍልጦ ማሕበር ከነሱ እግሪ ኣወሪጻ ማለት የሕፉ፡ ከሉም ተጻወትቲ ፖርቱጋል፡ ቅድሚ ጸወታ ቁጽሪ 7 ማልያ ለበሰም ናብ ሜዳ ክኣትዋ. እየም። ከምዚ ዓይነት ናይ ክብሪ መፋነዊ ጸንብል ድሜ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ናይ ኣህጉራዊ ማሞኞት ተሪእዩ ኣይፈልጥን እዩ - ብመሳርኣ ጋዜጣ ጎልፍ።

ብዘይነዘ፡ ኣብ ሻውብይቲ ደቒቕ ደኸተ ካብ መንበርም ተንሲኡም ንክብሪ ሮናልዶ ነታ መለለዩቱ ዝኾነት ዓይነት ጸንብል ክኽይዱ እየም።

ኣብ 234 ማሞኞት 146 ሹዮታት ዘመዝገበ ሮናልዶ፡ ናይ ከሉ ግዜ ዝለዓለ ተሰለፊን ኣመዚጋቢን ሹዮ ኣህጉራዊ ማሞኞት ክብሪ ሓዙ እዩ ጥሮታ ወጺኡ።

ከይን፡ ክብረ ወሰን ሒዙ



ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ሃሪ ከይን ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ 'ናይ ከሉ ግዜ ዝለዓለ ተሰሊፉ ሃዱ' ብምኻን ክብረ ወሰን ሒዙ።

ከይን ብ125 ኣህጉራዊ ማሞኞት፡ ምስ ናይ ቀድም ሓላዊ ልዮት እንግሊዝ ፕተር ሸልተን ተመሓራርዩ ጸሊሑ። ሓመሰ ምሸት ንዞዙ መረሑ ኣንጂር ክሮኤሺያ ድሕሪ ምጣመሙ ሜኽ ብ126 ማሞኞት ነቲ ክብረ ወሰን ናይ ብኽዙ ገይሩዎ ኣሎ።

ናይ 2026 ዕወት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዝኾነ ከይን ኣብቲ ንክሮኤሺያ 2ብ1 ዝሃዱሉ ናይ ሄሸኽ ሊግ ጸወታ'ውን ሓንቲ ሹዮ ብሞቑዒር፡ ብዘሐ. ኣህጉራዊ ሹዮታቱ ናብ 92 ክብ ኣብልዮ። ዝለዓለ ኣመዚጋቢ ሹዮ ናይ'ካ ብነሰነት ኣናብስ ኣትጃየዕ ሃገራዊት ጋንታ'ውን እዩ።

መደብ ጸወታ

ሰሚ
ሄሸኽ ሊግ ሓመሻይ ናይ ምድብ ጸወታ
ጆርጂያ - ሃንጋሪ 8:00 ድቃ
ናርወይ - ዌልስ 8:00 ድቃ
ፖርቱጋል - ደ/ማርክ 10:45 ድቃ

ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

ኢራን፣ ናይ ኣመሪካ ራዳር ደምሲሳ

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ባሕሬን ተደኩት ንዘርኢከ ናይ ኣመሪካ ናይ ቅድመ መጠንቀቕታ ራዳር ብደብዳብ ከም ዝደምሰሰ ኣፍሊጡ።

እቲ መጥቃዕቲ ብሓይሊ ኣየር ኢራን ከም ዝተፈጸመ ድማ ብመንግዲ መዋእላዊ ኣገልግሎት ዜና "ሲፓ ኒውስ" ኣብ ዝዘርግሖ ዜና ሓቢሩ።

እንተ'ኾኑ ሓቅነት ናይዚ ሓለዋ ኢራን ሰውራ ገዚሎ መሃደጺ፡ ብመንግስቲ ኣመሪካ ይኹን ባሕሬን ኣይተረጋገጸን ዘሎ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣመሪካ ኣብ ግዘኦት ሰሪቅ - ደበናዊ ክፋል ኢራን ኣብ ልዕሊ ዝርኢከ ናይ መራኸቢ ማማኪ ናይ ዝፈጸመቶ ደብዳብ ኔሩቲ ሕነ ንምፍዳይ ተዛዚሉ ነቲ ኣተኻየደ'ውን ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣመልኪቱ።



ሓለዋ ሰውራ ኢራን ትማሊ ኣብ ዘወጽኡ ካልኢ መግለጺ'ውን ሓንቲ ባሀርያዊ ጋዝ ጸንና ዝሰረተ መርከብ ቡቲ ዘይፍቅዱን ሓደጋን ዝገልሎ መጽበጥ ኣረዳኢ።

ሆርሙዝ ክትጎዝ ኣብ ዝፈተኽትሉ እዋኑ ተቛቢሩ ካብ ገጽንሐ ኦጥቲ ድሕሪ ዚጋጠማ መጥቃዕቲ ኣቦ'ቲ መጽበጥ ነበድ ኑጉሩ ነም እተፈጥረ ኣረዳኢ።

ሕ/ሃገራት፣ ንየመን እገዳ ኣናዊሑላ

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፣ ኣብ ልዕሊ የመን ተሳቢሩ ገጽንሐ እገዳ ብሓደ ዓመት ክናዋሕ ብምለእ ድምጺ ነም ገመሰ ተሓብሩ።

እቲ ውሳኔ ክኸብ 14 ሕዳር 2027፣ ኣብ ልዕሊ ፍሉያት ዜጋታት የመን እገዳ ናይ ጉዛን ፋይናንሽን ንምግባር ዘኽእል እዩ።

እቲ ባይቶ፣ ኣብ የመን ዝርኸቡ ውልቀ ሰባት ኣብ ዝርዝር እገዳ ዝተገብረሎም ወዜት ኣተዋም ነም ዘሎወ. ድሕሪ ምምላጽ፣ ዕጡቓት ሕቲ ኣብ ልዕሊ ሰውዲ ዓረብን ብቑይሕ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዝመላለሳ ንዮጻውያን መራኸብን መጥቃዕትታት እናፈጸሙ ሶማኣት ምፍጻጢም'ውን ነሂኑ ኣሉ።

በዚ መሳረት፣ ነቲ እገዳ ክትትል ንምግባርን ጸብጹብ ንምቕራብን ሓለፍት ዝተዋህቦ ጉጅለ ክኢላታት የመን ናይ ስርሑ ገደብ ሚዜ ናብ 15 ታሕሳስ 2027 ተናዊሑ ኣሉ።

ኣብ መግነ ሰራዊት መዎእነትን ዕጡቓት ሕቲን ዝሓለረ ሓይሊ ዝተወልዐ ወዜ ብምጽዕዳ፣ ዛጊት 12 ሺሕ ሰባት ግደ ሞትን መቑሰልነትን ኮይኖም ነም ዘለወ፣ ጸብጹብ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቱ።

እዚ ሓድሽ ግጭት፣ ነቲ ካብ ሚያዚያ 2022 ኣትሒዙ ኣብታ ሃገር ሰፊኑ ገጽንሐ ተዛዋሚ ሰላም ዘሪትዎ ኣሉ።

ሕቲ ንዝተማ ሰንዳን ሓደሎ ነበበታት የመንን ካብ መሳረም 2014 ኣትሒዙ ካብ ገዙጸያር ንደሓር፣ የመን ኣብ ደመቒ ወዜ ነም ትርኸብ ይፍለጡ።

ኣብ መጋቢት 2015፣ ንመግስቲ የመን ንምድጋፍ ብሰዐዲ ዓረብ ገሞራሕ ወተዛደራዊ ጥምረት ሃገራት ኣዕራብ ኣቦ'ቲ ግጭት ጣልቃ ኣተዱ ምንባሩ ኣይርሳሕኩ።

ቓዛ - ሕማማት ሰርዓተ ምስትንፋስ ከይውሰኽ ተሰጊኡ

ውድብ ጥዕና ዓለም፣ ኣብ መሸመጥ ቓዛ ሕምምት ሰርዓተ ምስትንፋስ እናወሰኽ ክኸይድ ነም ዝኾኽል ኣጠንቲቑ።

እቲ ውድብ ዝ. መጠንቀቕታ'ዚ. ገዚዜ ኣብቲ መሸመጥ ገዘቡብ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ዝተመዝገቡ ፍልሰጠማውያን ንክሰብሩ ቴንዳታት የሰቐልቕቑ ነም ዘሎ ድሕሪ ምሕቡሩ እዩ።

ትሑት ደረጃ መሰብርን ልውል ቀጽሪ ተመዝጊልቲ ኣብ ሓደ ቦታ ምእኻብን ገለ ካብቶም ዝተፈላለየ ኻይረሱት ኾነበርግሑ ዕድል ዝህብ ዘሎ ረቒሒታት ምኾኑ እቲ ውድብ ኣጸዲሩ።

ሰራዊት እስራኤል ይኹን እቲ ንቓዛ ኣብ ዝምልከት ናይ ሓንዘ ጉዳያት ዝተሓብር እስራኤላዊ ትካል 'COGAT'፣ ነቲ መጠንቀቕታ ብዘምልከት ብርይይተርስ ንክቑረበሉም ሕቶ ምስኾ ኣይገለጹን ዘለወ።

ኣብ ቓዛ ኣሉታት ሓደ ሚልዮን ዝተመዝገቡ ሰባት ንሓደጋታት ዕልቕልቕ ኣብ ዝተቓልዐ ነበበታት ይነብሩ። ካብዚኣየም ድማ እየም 400 ሺሕ ኣብ ኣዝዩ ኣቑሬን ጽሪቱ ዘይተሓለወን ቦታታት ነም ዘለወ፣ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር።

ብሃሽቲ ወሽት ዝተኣኻኩ መደሳሪታት መብዜሕትኦም ናብ ቓዛ ደኣተዉ ነም ዘለወ.ዘረድኣ ጽብጹብ ናይ'ቲ ውድቡ ቀረብ ላቦራቶሪ ንምውሓስ'ውን ጸጋዮት የጋጥሞ ብምህላዉ፣ ሕመማት ቅድሚ ምሕዝምም ጥዕናዊ ብድህታቶም ንምልላይ ኣሸጋሪ ይኸውን ነም ዘሎ ኣመልኪቱ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ወሲኹ፣ ለበዳ ንምኽልኻል መሃርሒታት ላቦራቶሪ ናብ ቓዛ ክኣትዉ ነም ዘለምዓ እዚ ምስ ዘይዛወን ሜና ሓደጋ ህዘባዊ ጥዕና ክፍጠር ነም ዝኾኽል ኣጠንቲቑ።

ኣብ ቓዛ ኣሉታት ሓደ ሚልዮን ዝተመዝገቡ ሰባት ንሓደጋታት ዕልቕልቕ ኣብ ዝተቓልዐ ነበበታት ይነብሩ። ካብዚኣየም ድማ እየም 400 ሺሕ ኣብ ኣዝዩ ኣቑሬን ጽሪቱ ዘይተሓለወን ቦታታት ነም ዘለወ፣ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር።

ብሃሽቲ ወሽት ዝተኣኻኩ መደሳሪታት መብዜሕትኦም ናብ ቓዛ ደኣተዉ ነም ዘለወ.ዘረድኣ ጽብጹብ ናይ'ቲ ውድቡ ቀረብ ላቦራቶሪ ንምውሓስ'ውን ጸጋዮት የጋጥሞ ብምህላዉ፣ ሕመማት ቅድሚ ምሕዝምም ጥዕናዊ ብድህታቶም ንምልላይ ኣሸጋሪ ይኸውን ነም ዘሎ ኣመልኪቱ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ወሲኹ፣ ለበዳ ንምኽልኻል መሃርሒታት ላቦራቶሪ ናብ ቓዛ ክኣትዉ ነም ዘለምዓ እዚ ምስ ዘይዛወን ሜና ሓደጋ ህዘባዊ ጥዕና ክፍጠር ነም ዝኾኽል ኣጠንቲቑ።



ኣብ ልዕሊ መርከብ ውግእ ሩስያ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ኣብ ወሽመጥ ማይት ፊንላንድ ትንቀሳቐስ ኣብ ልዕሊ ዝሰረት መርከብ ውግእ ሩስያ፣ ዝሓለፈ ረቡዕ መጥቃዕቲ ሰብ ስልጣን ፊንላንድ ሓቢድምሉ።

ነቲ መጥቃዕቲ ብዘምልክት ዝርዝራዊ ሓብሬታታ'ኳ እንተ ዘይተዋህቡ ኣገልግሎት ጸጥታ ፍረን ግኡ ነታ 'ናሮፍሚኣ' ዝተሳእኑ መርከብ ብኽብ ኣልቦ ኾራት ከም ዘጥቅዓ ኣረጋጊጹ ኣሉ።


ፍረን ኣቦ'ቲ ንህቪሳዊ ምክልኻል መራኸብ ክፉት ዝኾነ ክፋል ባሕሪ ባልቲክ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊት መርከብ ሩስያ መጥቃዕቲ ከተካይድ እዚ. ናይ መጀመርታ ኮይኑ፣ መጥቃዕትታታ ተሰፍሑ ነም ዘለ ዘርኢ. ምልክት ምኻኑ'የም ክኢላታት ገለልጹ ዘለወ።

ሓንቲ ካብ'ተን ናይ ቀረብ መሻርኽቲ ፍረን ዝኾነት ፊንላንድ ብወኹ፣ እቲ መጥቃዕቲ ቀጥታዊ ወጽኢት ናይ'ቲ ሩስያ ብቑጻሊ. እተካይዶ ዘለ ከናት ምኻኑ ገለጹ።

እታ ዋንኡ ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ዝኾነት መርከቡ ቡቲ መጥቃዕቲ ዝጀሓ ጉድኣት ወይ'ውን ሰባዊ ክሳራ እንተ ሃልዩ ክሰብ ሕጂ ብዝጸር ኣይተፈልጠን ዘሎ።



"ሰ/ኮርያ ዋጋ 400 ሚልዮን ዶላር ክሪፕቶካረንሲ ዘሚታ" ኣመሪካ



መንግስታዊ ደኹ ነም ዘለምዓ ዝተገልጹ ሶሚን ኮርያውያን ሰርሰርቲ (ሃከርስ)፣ ናይ ሓሶት ሰውያት ተጠቒሞም ናይ ሰባት መግስት ብምስራቕ ልዕሊ 400 ሚልዮን ዶላር ገንሚት ክሪፕቶካረንሲ. ነም ገዘመቱ ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ከሳስሙ።

ብመሳረት'ዮም ሰብ ስልጣኑ ኣብ ዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ ጥራይ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት መርመራ ገበን ኣመሪካ (ኤፍቢ.ኣይ) 'ፈስ ስቲስር' ኢሉ ብዘውወየ መደብ ልዕሊ 900 ሰባት ግዳያት ናይ'ቲ ሽርሒ ኮይኖም ኣለወ።

ዳይረክተር ሳይበር ኤፍቢ.ኣይ - ብሬት ስተርማን ኣብ ገዘቦ ሓብሬታኑ "ስርዓት ከም ጆንግ ኡን ኑ ብዝፍ መጠን ዝኽጽም ስርቂ ክሪፕቶካረንሲ. ዘይሕጋዊ መደብ ኣጽዋር ንምምዋል ይጥቀመሉ ኣሉ።" ድሕሪ ምባል ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት'ውን በልየናት ዶላር ነም እተሰርቀ ኣረዳኢ።

እዚ. ገዘሓብሩ ኣብ ዝሓለፈ. ሰመን ብየለም ደረጃ ገየበየ መሳየወጠ. ክሪፕቶ ገበነ ባይናንስ (Binance)፣ ሰርሰርቲ ፍቡዙኽ ናይ ስራሕ ቃለ መሕተት ብምጥቃም ካብ'ቲ ከብንያ 6.3 በልየን ዶላር (4.7 በልየን ፓውንድ) ነም ገዘረቐ ድሕሪ ምፖጹ እዩ።

ኣብ ታሪኽ እቲ ገየበየ ስርቂ ክሪፕቶካረንሲ ተገሊኡ ገጽመን መጥቃዕቲ ባይናንስ ምስ ሶሚን ኮርያ ዝተኣሳሰሩ ኣካላት ነም ዝፈጸምዎ ኣመሪካ ኣብ እዋኑ ምኽኣስ ይዝከር።

ይኹን'ምባር፣ ሶሚን ኮርያ ኑ ክሲ ወጸአ ጠቅኒ ምኻኑ ብምፖጽ ነም ገበጽኑዩ ይፍለጡ።

ተረኛ ፋርማሲ ዕለት ጎደና ቁ.ስልኪ.
ፋርማሲ. ሩት 14/11/2026 ኣርባኡተ ኣስመራ ጎደና 131-7 ቁ.ገዛ 2 ጥቓ ቤተክርስቲያ በዓለዝጊዝ 07158556
ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565